# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.33 | ሓሙስ 9 ጥቅምቲ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 — ዜና

ገጽ 3 — ካርል ማርክስን ርእሰማልነትን



ገጽ 5 — ትሕቲ ኢልና ንበርኽ



ገጽ 9 — እናሓደርካ ምምሓያሽ

ገጽ 11 — "ኩልና ኣንነተኛታት ኢና ነርና" ጀራርድ




# ክፍሊ ዕዮ፡ 88 % ክርክራት ስራሕ ብዕርቂ ከምዝደቀሰ ገሊጹ

ኣብ ወሸጢ ሓሙሽተ ዓመታት ናብ ጨንፈር ዝምድናታት ዕዮ ካብ ዝቐረበ 2,590 ክርክራት ስራሕ፡ እቲ 88 ሚእታዊት ብዕርቂ ክድቀስ ከሎ፡ ዝተረፈ 12 ሚእታዊት ዝተወዝሃበ ኣብ ቤትፍርዲ ዝሎን ምኽኑ፡ ክፍሊ ዕዮ ገሊጹ።

ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ዕዮ ኣቶ ወልደሰሰ ኣሊሳ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ዓብራውነት ሕጊ ዕዮ ምርግጋጽ፡ ብደረጃ ሃገር ዝድለ ዓቕሚ-ሰብን ኣመዳደባን ምጽናዕ፡ ጠለባት ደለይቲ ስራሕን ኣሰራሕትን ንምምላእ ምስራሕ፡ ዕብየት ስራሕተኛታትን ኣሰራሕትን ምክትታልን ምቁጽጻር፡ ከምኡ'ውን ማሕበራዊ ድሕነትን ጥዕናን ስራሕተኛታት ምርግጋጽ፡ ካብ'ቶም ቀንዲ ዕላማታት ናይ'ቲ ክፍሊ ከምዝኾኑ ኣዘኪሩ።





ሰእሊ. ሳሚኤል ንጉስ

ኩሉ ዝቐየድ ንጥፈታት፡ ኣብ'ቲ ናጽነትን መሰልን ምውዳብ ስራሕተኛታት ዘውሕስ፡ ከምኡ'ውን ኣሰራሕትን ስራሕተኛታትን ክዘተዩ ዘኽእል መድረኽ ዝፈጥር፡ ማሕበራዊ ቁጠባውን ባህላውን መዳያት ዘጠቓልል ኣዋጅ ሕጊ ዕዮ ኤርትራ ምርካስ ዝገበረ ምዃኑ ዝሓበረ ኣቶ ወልደሰሰ፡ ኣብ ዝሓለፈ 5 ዓመታት ማለት ካብ 2021 ክሳብ 2025፡ ኣብ 2,163 ትካላት ቁጽጽር ኩነታት ስራሕ ከምእተኻየደን ዘድሊ ኣራሚ ስጉምቲታት ከምእተወስደን ኣብሪሁ።

ኣብ'ተን ቁጽጽር ኩነታት ስራሕ ዝተኻየደለን ትካላት፡ 5,975 ጉድለት ስራሕ ከምእተረኽበን ብምጥቃስ፡ 2051 ናይ ዝተሓተ ኩነታት ስራሕ፡ 1,006 ናይ ሞያዊ ጥዕናን ጸርየትን፡ 970 ናይ ኢንዱስትሪያዊ ድሕነትን ምክልኻል ሓደጋን፡ 1,987 ድማ ናይ ኣተሓሕዛ መዝገብ፡ ውዕል ስራሕን ሰነዳትን ጉድለት ከምእተረኽበን ሓቢሩ።

ንምዝገባ ደለይቲ ስራሕ ብዝምልከት ድማ፡ ብመሰረት ሕጊ ዕዮ ምዝገባ ግድነታዊ ስለዘይኮነ፡ ብዙሓት ከይተመዝገቡ ናብ ስራሕ ዓለም ተዋፊሮም ክኾኑ ከምዝኽእሉ ዝጠቐሰ ኣቶ ወልደሰሰ፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝተጠቕሰ ዓመታት ልዕሊ 1,893 ክፉት ቦታ ስራሕ ክርከብ ከሎ፡ 91 ሚእታዊት ካብኡ ብደለይቲ ስራሕ ከምእተመልአ ኣረዲኡ።

ኤርትራ፡ ኣብ 1993 ኣባል ኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ ብምዃን፡ ኣብ 8 መሰረታውያን ውዕላት ኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ ክታማ ከምዝነበረት ዝፍለጥ'ዩ።

# ንጽጉማት ተመሃሮ ደገፍ ናውቲ ትምህርቲ ተገይሩ

ኣብ ዞባታት ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ደቡብን ጋሽ-ባርካን ንጽጉማት ተመሃሮ ደገፍ ናውቲ ትምህርቲ ተገይሩ።

በዚ መሰረት፡ ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ካብ ኣርባዕቲኦን ንኡሳን ዞባታት ንዝተሰለዩ 350 ደቂኦንስትዮ ዝርከብኦም 600 ጽጉማት ተመሃሮ፡ ንዓመት ዘገልግሎም ናውቲ ትምህርቲ ዓዲሉ።

ሓላፊ ኣሃዱ ማሕበራዊ ድሕነት ኣቶ ተስፋማርያም በራኺ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ደገፍ ኣካል ናይ'ቲ ምዕሩይ ኣገልግሎት ትምህርቲ ንምርግጋጽ ዝግበር ወፍሪ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ወጽኢቱ እናደመቐ ይመጽእ ከምዘሎ ገሊጹ።

ደገፍ ዝተገበረሎም ተመሃሮ፡ ብምምሕዳራት ከባቢን ንኡሳን ዞባታትን ዝተሰለዩ ምዃኖም ድማ ኣብሪሁ።





ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ - ኣብያተ-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ንኡሳን ዞባታት ዓዲ-ኳላ፡ ማይ-ዓይኒን ጾሮናን ን287 ጽጉማት ተመሃሮ፡ ከምኡ'ውን ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ንኡስ ዞባ ጎልጅ ን100 ጽጉማት ተመሃሮ ሓገዝ ናውቲ ትምህርቲ፡ ንኸልኦት 10 ጽጉማት ስድራቤታት ድማ ንነፍሲ-ወከፈን ዋጋ 10 ሽሕ ናቕፋ ናይ ጤሉ ጠሊ ሓገዝ ከምዝገበሩ ወኪላት ኤሪና ሓቢሮም።

# ጾሮና - ዘራእቲ ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምዝርከብ ተገሊጹ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጾሮና፡ ሓረስቶት ብዝቐየድዎ ጻዕርን ብዘበረ ህጡር ክራማትን፡ ኣብ 14,380 ሄክታር ዝተዘርኤ ኣእካልን ካልእ ዘራእትን ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምዝርከብ ክኢላ ልምዓት ብቐሊ ኣቶ በራሁ በየነ ገሊጹ።

ኣቶ በራሁ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ዝርጋሐ ዝናብ ኣብ ሰዓን ሓምለን ኣሰኪፊ'ኳ እንተነበረ፡ ኣብ ነሓሰን መስከረምን ግን እኹልን ጽቡቕ ዝርጋሐን ዝነበሮ ዝናብ ብምውቃዑ፡ 4,435 ሄክታር መሽላ፡ 3,000 ሄክታር ዕፉን፡ 2,600 ሄክታር ጣፍ፡ 2,200 ሄክታር ዳጉሻ፡ 400 ሄክታር ሰርናይ፡ 220 ሄክታር ሰገም፡ 1,488 ሄክታር ዓተር፡ ከምኡ'ውን 36 ሄክታር ናይ ቅብኢ ኣዝርእቲ ለሚዐ ኣብ ደረጃ ምዕጻድን ምሽዋትን በጺሑ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ንዝተመዝገበ መጠን ዝናብ ብዝምልከት ድማ፡ ነቑጣ ጾሮና ኣብ 44 መዓልታት 717.6 ሚሊ-ሜተር፡ ነቑጣ ዑና-ዓንደም ኣብ 32 መዓልታት 581 ሚሊ-ሜተር፡ ነቑጣ እንዳስቲፋኖስ ድማ ኣብ 43 መዓልታት 594 ሚሊ-ሜተር ከምዝመዝገበ ዝጠቐሰ ኣቶ በራሁ፡ መሽላ፡ ዕፉንን ዳጉሻን ኣብ ደረጃ ምሽዋት፡ ጣፍን ሰገምን ድማ ኣብ ደረጃ ምዕጻድ በጺሑ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ንኡስ ዞባ ጾሮና ኣቶ ሃብትሽ ተኽለብርሃን ብወገኑ፡ ዘራእቲ ክሳብ ኣብ ቆፎኡ ዝኣቱ ዕቱብ ምክትታል ስለዘድልዩ፡ ሓረስቶት ኣብ ግራውቶም ኩሉሳዕ እናኻየዱ ኣድላዪ ክትትል ክገብሩን ዘዘኣኽሎ ብዋዕእ ክእክቡን፡ ዘኸሰ ባልዕ ኮነ ዘይንቡር ነገር ምስ ዝዕዘቡ ድማ ብቕልጡፍ ንሞያውያን ሕርሻ ክሕብሩ ተላቢዩ።

# ማእከል - ንደቂኣንስትዮ ሓረስቶት ዝሕግዝ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ጨንፈር ሃግደኤ ዞባ ማእከል ምስ ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ብምትሕብባር፡ ኣፍልጦ ኣርባሕቲ ንህቢ ብምዕባይ ምህርቲ መዓር ንምስሳን ዝዓለመ ኣስተምህሮ፡ ብ6 ጥቅምቲ ኣብ ኣባርዳእ - ንኡስ ዞባ ጋሉፍሒ ወሃበ።

እቲ ን20 ኣብነታውያን ኣርባሕቲ ንህቢ ደቂኣንስትዮ ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ኣብ ምሕደራ ንህቢ፣ ጽሬትን ኣተሓሕዛን ቆፎ ንህቢ፣ ምብዛሕ ሹም ንህቢ፣ ንንህቢ ዝሰውን ዕንቅፋታት ምትካልን ምምራጽ ቦታታትን ዘተኰረ ምንባሩ፥ ክኢላ ምርባሕ ንህቢ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ኪዳነ የማን ሓቢሩ።

ኣርባሕቲ ንህቢ ክኽእ መዓር ብምብርባር ዝረኽብኦ ኣታዊ፡ መዓር ከም መግቢ፡ መድሃኒት ጸረ-ረኽስን መመላኽዕን ስለዘገልግል፡ ተመሳሪሑ ኣብ ረቡሓ ሕብረተሰብ ክውዕሉ ዝኽእል ዝርዝራዊ ሓበሬታ ሂቡ።

ኣብ ጨንፈር ሃግደኤ ዞባ ማእከል ሓላፊት ኣሃዱ ማሕበራ-ቁጠባዊ ኣገልግሎት ወ/ሮ ኤልሳ ጉብረሃንስ ብወገና፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ጋሉፍሒ ዝርከቡ ኣርባሕቲ ንህቢ ደቂኣንስትዮ፡ ጸጋታት ከባቢኦን ብምምዝማዝ ዝበለጸ ምህርቲ ንምፍራይ ዝካየድኦ ዘለዋ ጻዕሪ ብምምጓስ፡ ንምሕያሉን ምስ መሻርኽቲ ብምውህሃድ ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጻ።

ሃግደኤ፡ ደቂኣንስትዮ ኣለይቲ ስድራ ስልጡናትን ቀሲመን ነፍሰን ዝኽእላ ንጥፈታት ከሰላስላ ከካይዶ ብዘጸንሐ ጻዕሪ፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ጋሉፍሒ፥ በሪኽን ሰረጀቃን ብርክት ዝበላ ደቂኣንስትዮ ብምርባሕ ንህቢ ከምዝሰልጠና ዝፍለጥ'ዩ።


ስእሊ-ፊያሜት መሰፍን

# ሃይኮታ - ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮ ኣብ ትምህርቲ ንምዕባይ ተዘትዩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ፡ ተሳታፍነት ተመሃሮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ብሓፈሻ ናይ ደቂኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ትሕቲ ትጽቢት ስለዘሎ፡ ንምዕባዩ ተራ ኮምን ኣብያተ-ትምህርትን ክዓዝዝ መተሓሳሰቢ ቀረበ።

ኣብ ዝተገብረ ዘተ፡ ሓላፊ ኣሃዱ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ተሰፉ ተኽለይ፡ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ዘምህራ ትካላት ናብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ተዘርጊሐን'ኳ እንተለዋ፡ ቁጽሪ ናብ መኣዲ ትምህርቲ ዝቐርቡ ተመሃሮ ብሓፈሻ ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ምዕሩይ ከምዘይኮነ ገሊጹ።

ሓላፊ ኣገልግሎት ትምህርቲ - መምህር ዓብደልቃድር ዓብደላ ብወገኑ፡ ትሑት ደረጃ ንቕሓትን መረዳእታን ናይ ገለ ስድራቤታት፣ መለኣም ዘይተወገዱ ጎዳእቲ ልምድታት፣ ራሕቂ ቤት-ትምህርቲን ካልኣትን ጠንቂታት ንምብዳህ፡ ተራ መላእ ሕብረተሰብ፡ ኣካላት መንግስትን ኣብያተ-ትምህርትን ክዓቢ ጸዊዑ።



ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ኣቶ ሸኽዲን ሳልሕ ኣብ መወዳእታ፡ ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮ ዝዕንቅፉ ተርእዮታት ንምውጋድ፡ ኣመሓደርቲ ከባቢን ኣካባቢቲ ዓድን ቀላሲ ተራ ክጻወቱ ብምዝኽኻር፡ ፋሕ ዝበላ ዓድታት ናብ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክረኽባሉ ዝኽእላ ስፍራ ናይ ምጥርናፍ መደብ ብዕቱብ ከምዝሰራሓሉ ሓቢሩ።

# ዒላበርዕድ - ኣብነታውያን መምህራን ተሸሊሞም

ብምኽንያት ኣህጉራዊ መዓልቲ መምህራን - ኣብ ዒላበርዕድ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ 11 ኣብነታውያን መምህራን ተሸሊሞም።

ኣብ'ቲ ብጨንፈር ማሕበር መምህራን ብደረጃ ንኡስ ዞባ ዝተወደበ መደብ ንሽልማት ዝበቕዑ መምህራን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ደረጃታት ዝሰርሑ'ዮም።

ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ ወ/ሮ ዓሻ ዓሊ-ኖር ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ንሞያ መምህር ኣብ ዕቤትን ምዕባለን ሕብረተሰብ ብምጥቃስ፡ ንመምሃራን ዝግበር ምትብባዕ ጽልዋኡ ብቐሊል ከምዘይጥመት ኣገንዚባ።

ሓላፊ ጨንፈር ማሕበር መምህራን ዞባ ዓንሰባ መምህር ክብሮም ጉብረዝጊ ብወገኑ፡ ምምህርና ዓቢ ሓላፍነት ወለዶታት ዘሰክም ክቡር ሞያ ስለዝኾነ፡ ጉዲ-ጉዲ'ቲ ናይ ምትብባዕ መደባት፡ ስልጡናትን እናተወደበ ብቐዓቶም ክብ ምባል ካብ'ቲ ቀዳምነት ዝወሃቦ ምዃኑ ገሊጹ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኮለኔል ክብሮም ንርኣዮን ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ ምሉእ ተስፋማርያምን ብወገኖም፡ ንመምህራን ንምትብባዕ ንዝተኻየደ ዘሎ ጻዕሪ መጕሶም።




"ብቑዕ መምህር'ዩ ብቑዕ ዜጋ ዘፍሪ" ዝበለ ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ - መምህር ክፍላይ ዓንደሚካኤል፡ ብቑዓት መምህራን ብቑዓሊ ጻዕርን ስራሕን ስለዝዋጻኡ፡ ኣብነታውያን ኣለሊኻ ምትብባዕ ንዝበለጸ ስራሕ ድርኺት ዝፈጥር ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ነቶም ኣብነታውያን መምህራን፡ ወረቐት ምስክርን ገንዘባዊ ሽልማትን ተዓዲሉ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም  ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ  ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284

# ሳዋ - ብምኽንያት ኣህጉራዊ መዓልቲ መምህራን ዝተወደበ ንጥፈታት ተዛዚሙ

ማሕበር መምህራን ኤርትራ ጨንፈር ሳዋ፡ ብምኽንያት ብ5 ጥቅምቲ - ኣህጉራዊ መዓልቲ መምህራን፡ ከካይዶ ዝጸንሐ ትምህርታውን ስፖርታውን ውድድራት ዛዚሙ።


ስእሊ ሙሴ ኪዳነ

እቲ ውድድራት - ኩዕሶ እግሪ፡ ኩዕሶ መርበብ፡ በሊያርዶ፡ ቸዝ፡ ቴንስ ጠረጴዛ፡ ባድሚንተን፡ ሓፈሻዊ ፍልጠት፡ ሓጺር ዛንታን ግጥምን ዘጠቓለለ'ዩ ነይሩ።

ጸሓፊ ጨንፈር መምህር ወልደሩፋኤል ዓንደሚካኤል ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ እቲ መደብ - ክንዮ'ቲ ናይ ምዝናጋዕ ሸነኹ፡ ኣብ ምፍታሽ ውሽጣዊ ዓቕሚ መምህራን ኮነ ኣብ ምስፋሕ ሓድሕዳዊ ሌላ ሓገዚ ምዃኑ ብምብራህ፡ ንመጻኢ ብዝለዓለ ከምዝድፋኣሉ ገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ 8ይ ጉባኤ ማሕበር ኣብ ንድፊ ቅዋም ብዝዕባ ዝተገብረ ምምሕያሻት መብርሂ ሂቡ።

ዳይረክተር ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ይከኣሎ መምህር ርእሶም ጉብረሂወት ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣብ'ታ ቤት-ትምህርቲ ኣስታት 900 መምህራን ከምዘለዉ ብምጥቃስ፡ ነፍሲ-ወከፍ መምህር ሞያውን ናይ ምትሕግጋዝን መደባት ማሕበር ንምስማር ኣበርክቶ ክገብር ተላቢዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ዝተኻየደ ውድድራት ብውልቅን ብጋንታን ንዝተዓወቱ ሽልማት ተዓዲሉ።

# ሓሳባት

**ሲራክ ክፍለ**
**መበል 65 ክፋል**

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ማሕበራዊ ምሕደራን ሓደሽ ማሕበራዊ ምሕደራን በርክራስን ዝበል ኣምራት ምዕራባዊ ዓለም ትሕዝዩኡ ብዘርዝር ተመልኪትና። ኤርትራ ካብ ጥንቲ ኣትሒዛ ንማሕበራዊ ፍትሕን ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ዓቢ ዋጋ ዝሃብ ምሕደራ ዓደ ኣቦ ከምዝበራ ጠቒስና ድማ፡ ከም ኣብነት ካብ ዝተፈላለየ ሕግታት እንዳብ ገለ ዓንቀጻትን ንኡሳን ዓንቀጻትን ኣቕሪብና ነይርና። ብድሕሪኡ ዕማማት መንግስቲ ኣብዚ ዘመንዚ ብማሰረት ዓለምለኻዊ ትካል ኦኢሲዲ (OECD - Organization for Economic cooperation and development) ብኸመይ ከምዝግለጸን ናይ ቀረባ ግዜ ጸብጻብ ኦኢሲዲ እንታይ ከምዝብልን ኣብ ብዙሕ ክፋላት መቓቒልና ተመልኪትና። መቐጸልታኡ ይሰዕብ፦

## መትከል፡ ቅዋም፡ ደሞክራሲ

እዚ ኣርእስቲ'ዚ ብቐንዱ ብዛዕባ ኣብ ሃገር ብሓባር ምንባር፡ ውልቃዊ ነጻነትን ማሕበራዊ ፍትሕን ዘተኩትን እዩ። ሃገራት ውልቃዊ ነጻነትን ማሕበራዊ ፍትሒን ኣለን ዝበልጸኦ ዝፈላለ ኮይኑ፡ ዝበዝሕ ክፋሉ ብገለ መልክዑ ኣብ ቅዋም ሃገራት ይሰፍር።

ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ናይ ጽሑፍና፡ ማሕበራዊ ኣገባብን መትከልን ኣብ ዝበል ክፋል፡ "ንሓደ ማሕበራዊ ውዳበ ዝመርሑ ሰረት-እምነትን ዘማዕበሎም ህንጸተ-ሓሳባትን ... ብሓባር ወይ ብኸፊል ከም "መትከል" ክግለጹ ይኽእሉ እዮም" ኢልና ነይርና። ሓደ ሕብረተሰብ ኣብ ተመኩሮኡ ዘማዕበሎም መትከል ድማ ኣብ ምንዳፍ ቅዋም ሃገር ይኹኑ፡ ምርግጋጽ ውልቃዊ ነጻነትን ማሕበራዊ ፍትሒን ከም ድሕሪ ባይታ የገልግሉ ወይ ከገልግሉ ይግባእ።

"ማሕበረሰብ እንታይ ማለት እዩ" ኣብ ዝበል ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ምምሕዳር እንታይ ማለት እዩ ክንድህስስ ፈቲና። ኣብዚ ዝስዕብ ከኣ ማሕበረሰባት ብሓደ ብምንባር ዝጸበዮም ረብሓታትን ብሓባር ንምንባር ዝኣትውዎ ቃል ኪዳንን ክንድህስስ ክንፍትን ኢና።

ነፍሲ ወከፍ ማሕበረሰብ (ሃገር) ብሓባር ብኸመይ ንነብር፡ መነባብሮና ብኸመይ ነመሓይሽ ዝብሉ መሰረታዊ ሕቶታት፡ ኣብ ናይ ገዛእ ርእሱ ታሪኽን ተመክሮ ካልኦት ማሕበረሰባትን ዘለዎ መድረኽን ተሞርኪሱ መልሲ ንምርካብ ወትሩ ይጽዕት ወይ ክጽዕት ይግባእ። እዚ ኣብ ምምላስ ኣባል ማሕበረሰብ መን እዩ፤ ዶብ ማሕበረሰብ ካበይ ናበይ እዩ፤ እቲ ማሕበረሰብ ክብረታትና ዝበሎም እንታይ እዮም፤ ናይ ወጻኢ ተጸባእታት ብኸመይ ይዓገት፤ ጸጥታን ሰላምን ኣብ ውሽጢ ሃገር ብኸመይ የረጋግጽ፤ ብኸመይ ብሰላት ይነብርን ዕብየት የረጋግጽን፤ እዚን ካልእን ንምርግጋጽ ብኸመይ ይመሓደር፤ ወዘተ. ዝብሉ ኣገደስቲ ሕቶታት የጸር ወይ ከጸር ይግባእ።

ኣብዚ ዘለናዮ መዋእል ኣባል ማሕበረሰብ መንየ ዝበል ሕቶ፡ ምስ ኣህጉራዊ ተፈላጥነት ዘለዎ ዶብ ሃገራት ዝተሓላለዘ ኮይኑ ብምሉኦም ዜጋታት ሃገር የጠቓልል። ዶብ ማሕበረሰብ (ሃገር) ካበይ ናበይ እዩ ዝበል ሕቶ ድማ፡ ቀዋምን ብዊንታ ሰቦት ዘይቀያየርን እቲ ኣህጉራዊ ተፈላጥነት ዘለዎ ሃገራዊ ዶባት እዩ። ኣብዚ ዘለናዮ እዋናት ሃገራት መን ኢና፤ ብኸመይ ንነብር፤ ብኸመይከ መነባብሮና ነመሓይሽ ወዘተ. ዝብሉ ሕቶታት ዝጥርንፍን ዝምልስን ቅዋም ሃገር የዳልዋ እየን።

ቅዋም ዘመናውያን ሃገራት በቲ ሎሚ እንፈልጦ መልክዑ ቅድሚ ምምዕባሉ፡ ቅድሚ ፍርቂ መዋእል ኣትሒዙ ህዝብታት ናይ ሎሚ ኤርትራ፡ ብሰኑድ መልክዑ ብሕጊ እንዳብ ዝፍለጥ ቅዋም ነይሩዎም እዩ። ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ዝተፈላለዩ ገዛእቲ ኣብ ዝበርትሉ ዘመናት ይኹን ኣብ ግዜ ቃልሲ፡ እቲ ናይ ጥንቲ ሕጊ እንዳብ ኤርትራ ኣብ መነባብሮ ህዝብታት ኤርትራ ዓቢ ተራ ነይሩዎ፡ ሕጂ እውን ኣለዎ።


ሓደ ካብ ቀንዲ ክፋል ቅዋም ሃገራት ማዕል ዜጋታት ዝገልጽ'ዩ። ይኹን'ምበር ኣብ ቅዋም ሃገራት ዝሰፈረ ማዕላት ኩሉ ግዜን ብምሉኡን ይትግበር ማለት ኣይኮነን። ንኣብነት፡ ኣብዘን ቅድሚ 200-250 ዓመታት ቅዋማዊ ስርዓት ተኸልና ዝበላ ሃገራት ምዕራብ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ይኹን ሃገራት ኤውሮጳ - እቲ ሎሚ ከም መጥኢታዊ ዝቖጻር ማሳል ምድማጽ ዜጋታት፡ ንልዕሊ 100 - 150 ዓመታት ማሳል ወሰናት ጸዓዱ ሃብታማት ደቂ ተባዕትዮ ጥራይ እዩ ነይሩ።

ሎሚ ኣብ ዓለም እንርእዮ ጠገለ ዘይብሉ ፖለቲካዊን ቁጠባዊን ዘይምዕሩይነት ምንጩ፡ ሃገራት ኣብ ዝመርጽኦ መትከላትን ስሉሳብን ዝምርኮስ ኮይኑ፡ ኣብ ቅዋም ሃገራት ዝሰረጸ እዩ።

እዚ ኣመልኪቱ ፈረንሳዊ ክኢላ ስነ-ቁጠባ ቶማስ ፒከቲ ኣብ መእተዊ ኣቡቲ "ማልን ስነሓሳብን" ዝበል መጽሓፉ (Thomas Piketty: Capital and Ideology 2020, page 3-4) ከምዚ ይብል፦

"'ስነሓሳብ' ሓደ ሕብረተሰብ ብኸመይ ይህነጽ ዝድህስስ ሓሳባትን መንቀሳቕሳትን'ዩ። ስነሓሳብ ማሕበራዊ፡ ቁጠባዊን ፖለቲካዊን ኩርናዓት ዝሓዘ ኮይኑ፡ ቅዱው ውዳበ ሕብረተሰብ ንምህናጽ ብዙሕ ሕቶታት ንምምላስ ዝፍትን ባህጊ እዩ። ጉዳይ ቅዱው ውዳበ ሕብረተሰብ ኣገዳሲ ዝተሓላለኸ ብምዃኑ፡ ኩሉ (ዜጋ) ዝሰማምዓሉ ስነሓሳብ ምቕራብ ኣይከኣልን'ዩ፤ ስነሓሳባዊ ፍልልይን ግርጭትን ዘይንጸል ባህሪ ስነሓሳብ እዩ። ይኹን'ምበር፡ ነፍሲ ወከፍ ሕብረተሰብ (ሃገር) ካብ ናይ ገዛእ ርእሱ ተመክሮ፡ ምናልባትውን ካብ ተመክሮ ካልኦት ሕብረተሰባት (ሃገራት) ብምምሃር፡ ብኸመይ ይውደብ ክምልሶ ዘለዎ ሕቶ እዩ። ውልቀ-ሰባት (ዜጋታት) ኣብዚ መሰረታዊ ናይ ህላውነት ሕቶ፡ ኣፍልጦኦም ክሳብ ክንደይ ንጹርን ዘዕግብን ምዃኑ ብዘየገድስ፡ ናይ ገዛእ ርእሶም ርእይቶ ክህልዎም ንቡር'ዩ።"

ፒከቲ ኣብ ዓበይቲ ዓለምለኻዊ ፋይናንሳዊ ትካላት ዝሰርሐን ዓሚቝ ቁጠባዊ፡ ፖለቲካዊን ማሕበራዊን መረዳእታ ዘለዎ ኣብ 2014 "ማል ኣብ 21 ክፍለ ዘመን" ዝበል ዘይምዕሩይ ኣታዊታትን




ማልን ብኸመይ ከም ዝማዕበለ ብዝርዝር ዝገልጽ፡ ኣገዳሲ ኣጉዳሲ ማሕበረ ቁጠባዊ መጽሓፍ ዝጸሓፈ እዩ። ኣብዚ ልዕሊ 1,100 ገጽ ዘለዎ "ማልን ስነሓሳብን" ዝበል መጽሓፉ ዓሚቝን ሰፊሕን ታሪኻዊ ዳታን ሓበሬታን ብምቕራብን ብምትንታንን፡ ኣብ ውሽጢ ሃገራትን ኣብ መንጎ ሃገራትን ዘሎ ዘይምዕሩይ ኣታዊታትን ዝርጋሐ መጠን ማልን ብሰፊሑ ብምዝርዛር፡ መፍትሒ ዝበሎ ስነሓሳብ ዘቕረበ እዩ።

ንፒከቲ፡ ካብ ካልኦት ብዙሓት ናይ ምዕራብ ናይ ቁጠባ ክኢላታት ፍሉይ ዝገብሮ "ነፍሲ ወከፍ ሃገር ካብ ናይ ገዛእ ርእሳ ተሞክሮ" ከም እትብጽሕ ብንጹር ምቕራቡ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ሃገራት ብሓደ ረፍዲ ከለንትናዊ ቁጠባዊ ፖለቲካዊ ማሕበራዊ ለውጢታት ከተኣታትዋ ከም ዘይክእላ ምግንዛቡ'ውን እዩ። ፒከቲ ቀጺሉ ከምዚ ይብል፦

"እዞም መሰረታዊ ሕቶታት እንታይ እዮም፤ እቲ ሓደ፡ ንፖለቲካዊ ስርዓት ይምልከት። 'ፖለቲካዊ ስርዓት' ማለት ከኣ መንየ ዜጋ፤ ካበይ ናበይ እዩ መሬቱ (ግዝኣት)፤ ኣገባብ ሓበራዊ ውሳነ ከመይ ይሰራሕ፤ ፖለቲካዊ ማሰል ዜጋታት እንታይ እዩ የጠቓልል። ከምዚ ዓይነት ደንቢ (ሕጊ) ቅርጺ ፖለቲካዊ ተሳትፎ የጸር፡ ተራ ዜጋታትን ወጻእተኛታትን፡ ከምኡ'ውን ንጥፈታት ፈጻሚ ኣካል፡ ሓጋጊ ኣካል፡ ሚኒስተራት፡ ሃገራት፡ ሰልፈታትን ምርጫን፡ እምብራጦርያታትን ግዝኣትን ይዝርዝር።" ይብል።

ኣብዚ ፒከቲ ብሓጺር ዝተንትኖ ኣብቲ መጽሓፍ ከኣ ብሰፊሕ ዘበርሆ፡ ሃገራት ምዕራብ ዝሓለፈኦ መድረኻት ፖለቲካዊ ስርዓት እዩ። ዜጋታት ሃገራት ምዕራብ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ታሪኽ ዝበርም ፖለቲካዊ ማሰል ኣገዳሲ ዝፈላለ ኮይኑ፡ እዚ ሎሚ ሃገራት ምዕራብ "ኣድማዒ ሰብኣዊ ማሰላት" እናበላ ዝሰብኩ፡ ኣብ ዝበዝሐ ክፋል ታሪኾን ንዝበዝሐ ክፋል ህዝበን ዝምልከት ወይ ዝጥርንፍ ኣይነበረን። ጸብጻብና ኣብነታት ከቕርብ ኢና። ሕጂ ግን ፒከቲ ኣሰዒቡ ዝበሎ ከቕርብ፦


"እቲ ካልኣይ መሰረታዊ ጉዳይ ብዛዕባ ስርዓት-ዋንነት እዩ። 'ስርዓት ዋንነት' ንዝተፈላለየ መልክዕት ዋንነት ዝገዝእ ሕጊ፡ ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ክፋል ማሕበረሰብ ዝህሉ ሕጋውን ኣገባባውን ዝምድናታት ንብረት የጠቓልል። ከምዚ ዓይነት ሕጊ ንብሕታዊ ወይ መንግስታዊ ንብረት ዝምልከት፡ ህንጻታት፡ ፋይናንሳዊ ማል፡ መሬት ወይ ማዕድን፡ ጊልያ ወይ ተዋፋራይ፡ ኣእምሮኣዊ ወይ ዘይጭብጥ ንብረት፡ ዝምድና ኣብ መንጎ ኣካረይትን ተኻረይትን፡ ልዑላንን ገባርን፡ ጎይቶትን ጊላታትን፡ ወይ'ውን ወነንቲ-ብርክን ተቖጸርም ዝሰርሑን ከጠቓልል ይኽእል።" ይብል።

ኣብዚ ፒከቲ ብሓጺሩ፡ ሃገራት ኣብ ዝተፈላለየ መድረኽ ታሪኸን ዝተፈላለየ መትከልን መግለጺን ስርዓት ዋንነት ከም ዘማዕበላ እዩ ዝገልጽ። ኣብቲ መጽሓፍ ብዝርዝር ከም ዘጽርዖ፡ ሎሚ ሃገራት ምዕራብ ብዛዕባ ዝድህስስን ዝረኣን ንብረት ጥራይ ዘይኮኑ፡ ብዛዕባ ኣእምሮኣዊ ንብረትን ዘይጭብጥ ንብረትን፡ ንዓኡ ዝሰላኸል ሕግን ምስክር ምህዞን (patent) ኣፍም መሊኦም ኣብ ዝዝረብሉ መድረኽ እዮም ዘለው። ይኹን'ምበር ቅድሚ ሓደ ዘመን እንተበዚሐ ድማ ክልተ ዘመን፡ ሰብ ከይተረፈ ከም ብሕታዊ ንብረት (ጊላት) ዝሰርዕ ፖለቲካዊ ስርዓት እዩ ነይሩዎም።

ክሳብ መፋርቕ 1960ታት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ (ብቐንዱ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ግዝኣታ) ንጸለምቲ ከም ሓወሲ ንብረት ዝርኢ ተግባራት ጸለምቲ ንኽየድምጹ ዝዓግቱ ሕግታት ዝነበራ ሃገር እያ። ፈረንሳ እንተኾነት'ውን ጊላት ኣብ 19 ክፍለ ዘመን ንስሙ ብሕጊ ከልኪላ እምበር፡ ክሳብ መፋርቕ 1940ታት ኣብ ግዝኣታ ሓወሲ ጊላት ቀጺሉ እዩ። ንኣብነት ኣብ ምህናጽ መገዲ ባቡር ኮንጎ፡ ዜጋታት ምዕራብ ኣፍሪቃ ብሓወሲ ጊላት ከም እተሰርሕ ተረጋጊጹ ብኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ ተኸሲሳ። መትከላት ውድብ ሕጊ ዕዮ (ILO)፡ ወተሃደራት ኣብ ማሕበራዊ ትሕተ-ቅርጻዊ ስርሓት ብዝጸ ከገልግሉ ስለ ዝፍቀድ፡ ፈረንሳ ንኹሎም ኣብ ምህናጽ እቲ መገዲ ባቡር ተሰሪሖም ዝበረት ኣፍሪቃውያን ግቡኦም ዝፍጽሙ ዘለዉ ወተሃደራት እዮም ኢላ ኣመኽንያ (ገጽ 294)። እተን ተጣበቕቲ ኣድማዒ ሰብኣዊ ማሰላት ኢና ዝበላ ሃገራት ምዕራብ ይኹን ኣህጉራዊ ውድባት ከኣ ኣጽቂጠን።

እቲ ዘሕዝን ከም ፒከቲ ዝኣመሰሉ፡ ኣብ ታሪኽ ዝምርኮስ ምዕሩይ ጸብጻብ ዘቕርቡ ኣብ ሃገራት ምዕራብ ብፍላይ ከኣ ኣብ ትካላት ዋሽንግቶን (IMF, WB) ነወየርክን (ውድብ ሕቡራት ሃገራት) ብዙሕ ተሰሚዖም የብሎምን።

"... ነፍሲ ወከፍ ሃገር ካብ ናይ ገዛእ ርእሳ ተመክሮ፡ ምናልባት'ውን ካብ ተመክሮ ካልኦት ሃገራት ብምምሃር፡ 'ፖለቲካዊ ስርዓትን'፡ 'ስርዓት-ዋንነትን' ብኸመይ ትውደብ ክትምልሶ ዘለዋ ሕቶ እዩ።" ዝበል መግለጺ ፒከቲ፡ ናብ ኤርትራ ምልስ ኢልና ኣብ ዝቕጽል ጽሑፍና ክንድህስሶ ኢና።



ይቕጽል . . .

ሽባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ትሕት ኢልና ንበርኽ

ሚርያም ዮሴፍ

ሓደ መንእሰይ፡ ኣብ ወጻኢ ሃገር ናይ ድሕረ-ምረቓ ትምህርቲ ክከታተል ድሕሪ ምጽናሕ፡ ትምህርቱ ዛዚሙ፡ ናብቲ ዝሰርሓሉ ዝነበረ ትካል ተመልሰ። ምስቶም ኣብቲ ትካል ንነዊሕ ዓመት ዝሰርሑ ገዳይም ሰራሕተኛታት ድማ ዕላል ከፈተ። እቶም ሰራሕተኛታት፡ ካብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣትሒዞም ክሳብ እታ ዕለት፡ ኣብቲ ሞያን ኣብቲ ትካልን ዓቢ ተመኩሮ ዝደለቡ እዮም። እቲ መንእሰይ ነቲ ቅድሚ ሒደት ዓመታት ዝተፈልዮ ትካል፡ ካብ ናይ ትምህርቲ መደቡ ምስ ተመልሰ፡ ዝተፈልየ ኣቀራርባ ነበሮ። ብዛዕባ እቲ ንሱ ዝወሰኖ ትምህርቲ ማእከል ብምግባር ድማ፡ “ኣነ” እናበለ ብዛዕባ ነብሱ፡ ስርሑን ብቕዓቱን ኣጕሊሑ ክዛረብ ጀመረ። ብዓቕሊ ክሰምዑ ዝጸንሑ መሳርሕቱ፡ በጺሑዎ ንዘሎ ደረጃ ዝግባእ ክብሪ ድሕሪ ምሃብ፡ እቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ናይቲ ትካል ክውንነትን ግብራዊ ኣፈታትሓኡን ከረድኡዎ ፈተኑ። እንተኾነ፡ ‘ኣነ ዝበልኩዋ’ያ ቅንዕቲ፡’ ብዘስምዕ ቃና ርእይቶታቶም ክቕበል ቅሩብ ኣይነበረን። ትምህርቲ እንተኾናቶ ካብ ምባል ድማ ሓንቲ ፍጻመ ከዕልሉዎ ወሰኑ።

“ኣብ ሜዳሲ ዘይቲ ከም መማቕርቲ ተዋሂብና፡” ብምባል ሓደ ካብኣቶም ዕላል ጀመረ። “እንተኾነ ዘወሃባና ዝነበራ መቑንን፡ ኣዝየን ውሑዳት እየን። ሓዊ ምስ ሃረመን ከይጠፍኣ ተባሂሉ’ውን እቲ መግቢ ተሰሪሑ ምስ ተወድአ፡ ኣብ መወዳእታ፡ ዘይቲ ኣሎዎ ንመበሊ እየን ዝኣትዋ። ኣነ፡ ተረኛ መጋቢ ከለኹ ዘጋጠመኒ ከዕለካ፡” ብምባል ኣንፈት ናይቲ ዕላል ቀየሮ። መሳርሕቱ ነቲ ዕላል ሓደስቲ ስለ ዘይነበሩ፡ ፍሽኽ በሉ። ዕላሉ ድማ ቀጸለ።

“ነዚን ብኽንደይ እዝግዮ ዝርከባ ዘይቲ፡ ኣብ ናተይ ናይ ምግብና እብረ፡ ከም ገለ ክብል ከዓኽወን። ቀደሙ እንታይከ ይጠቕማ ነይረን፣ እየን ናብራ ናብራ ቀደምና፡ ብምባል ስርሐይ ቀጺለ፣ ኣባላተይ’ውን መጊበ። እንተኾነ፡ ዝተዋህባና መቑንን ይብዝሓ ይውሓዳ ኣብ ግቡእ መዓላ ከም ዘይወዓላ ተፈልጠ።

“ከምዚ እናኾነ፡ እታ ግናይ ናይ ረቡዕ ኣኼባ መጽአት። ሓቂ ትሓይሽ ኣብቲ ኣኼባ ክትለዓል’ያ ዝብል ግምት ኣይነበረንን። ኣብ ህዝባዊ ግንባር ግን ይዕበ ይንኣስ ጌጋታት ክእረም ስለ ዝነበሮ፡ ኣነ’ውን ካብ ጌጋ ነጻ ኣይነበርኩን። ‘ትማሊ ተራኛ መጋቦ ዝነበርኩም ዘይቲ ብግቡእ ኣይተጠቐምኩምሉን፣ እቲ ዘይቲ መን’ዩ ክዕይዎ፡’ ዝብል ሕቶ ድማ መጸአ፡ ግብረይ ፈሊጠ፡ ኣጽቅጥ ኣበልኩ። ነጻ ግን ኣይወጻእኩን። ሓንቲ ብጸይቲ ስመይ ጸዊዓ ነቐፈትኒ’ሞ፡ ስቕ ምባለይ ኣብ ርእሲ ጌጋ ጌጋ ስለ ዝነበረ፡ ስለምንታይ ስቕ መሪጸ ተሓተትኩ። ካብታ ነቐፌታ ክገላገል ድማ ሃንደበት ዝህቦ መልሲ ቊልጭ በለኒ።

“እዋእ፡ ኣቱም ብጾት ሸሞንተ ታንኪታት ጸላኢ ኣቃጺለ ኣነ ዘይበልኩስ፡ ዘይጠቕማ ዘይቲ ክዕየ ኣነ ክብል፡ እታ ‘ኣነ’ ምባል ስለ ዘይከኣልክዋ እየ፡” ብምባል ነታ ጋንታ ኣዛንዩ ነቐፌታኡ ከፉኹስ ከም ዝፈተነ ኣዘንተወሉ። ንዝርድኦ ሓደ ዓቢ ትምህርቲ ዘሎዎ መልእኽቲ ወስ ኣቢሉ ናብ ዋኒኑ ተዓዝረ። እቶም ምስቲ መንእሰይ ዝተረፉ ክልተ ካልኦት ድማ ትቕብል ኣቢሎም፤

“ስለዚ መሲልካ እንታይ ኣምጻእካ እንድዩ ብጻይ፡ ንሕና ዘዕበየና ኣመጻጽኣ፡ ንኣይ ጥራይ ስምዑኒ፡ ኣነ’የ ብሉጽን ቅኑዕን ዝብል ኣይነበረን። ትምህርቲ ዘሎዎን ዘይብሉን ኩሉ በብኽእለቱ ንሰውራ ኤርትራ ስለ ዘበርከተ ኢና ተዓዊትና። ኣይኮነን ንኣሸቱ ነገራት፡ ንዝፈጸምናዮ ዓበይቲ ቅያታት’ውን ኣነ ኢልና ኣይጸወናሉን። ኣነ ምባል ኣየዕውተናን እዩ። ነቲ ብተመኩሮ ዝበልጸካ ሰብ ዋጋ ምሃብ’ውን ምልክት ስልጣነ እዩ። ሰባት ከኣ ብቐንዱ ብምምልላእ ኢና ንዓብን ንመሃርን። ሕጂ ሰናይ ናይ ምጅማር ግዜ ይግበረልካ። ዘለውና ብድሆታት ግን ኣብ ጕዕዞ ብኸመይ ይፍትሑ እናንጸረልካ ክኸይድ እዩ። ንስኻ ቡቲ ወሲኽካዮ መጺእካ ዘለኻ ፍልጠት፡ ንሕና ድማ ቡቲ ክሳዕ ሕጂ ዝደለብናዮ ተመኩሮ ተመላሊእና ክንሰርሕ ኢና፡” ብምባል ገዲፎሞ ነናብ ዋኒኖም ተመርቀፉ።

ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ሜዳ ካብ ዝነበረ፡ ክውረስ’ውን ካብ ዘሎዎ ባህሊ ሓደ፡ ትሕትና እዩ። “ደርብኻ ምቕታል፡” ይብሉ ነይሮም ተጋደልቲ። ዝመጻእካሉ ዓዲ፡ መነባብሮ፡ ማሕበራዊ ኵነታት፡ ደረጃ ትምህርቲ፡ ሃይማኖት፡ ብሄር... ዝብሉ ጕዳያት፡ መሰረታውያን ሕቶታት ኣይነበሩን። ዝመጻእካሉ ደርቢ ትቐትል። ኣብ ሓደ ልዕሊ ውልቅኻ ዝሰራዕ ዕላማ ከኣ ትሰምር። ትሕትና ከኣ ሓደ ኢሉ ካብዚ ይጅምር። ደቂ ገጠር - ወዲ ከተማ፡ ሃብታም - ድኻ፡ ምሁር - ዘይተማህረ፡ ወዲ - ጓል፡ እስላም - ክርስትያን፡ ኩሉ ኣብ ሓደ ሓባርዊ ዕላማ ይሰምር። ደርብኻ ምቕታል ቀሊል መስርሕ እኳ እንተ ዘይነበረ፡ ናይ ሓባር መንነትን ዕላማን ኣብ ምህናጻ ግን እቲ ዝዓበየ ተራ ዝተጻወተ መቃለሲ ባእታ’ዩ ነይሩ።

ሕጂ ዘለናዮ እዋን ዝተፈልየ መድረኽ እዩ። ከምቲ ናይ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ፍልልያትና ብቐሊሉ ዘይቅተሉ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። እቲ ኣንነት ግን ኩሉ ግዜ ክቕተል ካብ ዘሎዎ ባህሪ እዩ። ምኽንያቱ፡ ኣንነታዊ ኣተሓሳስባ ምስጢር ዓወትና ኣይነበረን። ብሕጂ’ውን ክኸውን ኣይክእልን እዩ።

ብሓፈሻ ኣብዚ ዘለናዮ ተወዳዳሪ ዓለም፡ ሰባት ብቕዓትና ክብ ኣቢልና ካብ መሳርሕትና ኮነ ብጾትና ጸብለል ኢልና ናይ ምርኣይ ጥሙሕ ክህሉወና ይኽእል እዩ። ነውሪ የብሉን። ዕቤት ዘጽይን ሰብ’ውን ዘሎ ኣይመስለንን። ኣብ መወዳእታ ግን መዐየሪ ኣድማዕነት ወይ ውጽኢት ስራሕና፡ ድምር ውልቃዊ ኣበርክቶን ተመላላእነትን ደኣ እምበር ውጽኢት ጻዕሪ ናይ ሓደ ወገን ኣይኮነን። ከምዚ ዝኣመሰለ መንፈስ ሓደ ሓቂ ካብ ምግንዛብ’ውን ክጋርደና ይኽእል እዩ። ውልቃዊ ዕላማ ኣብ መንጽር ሓባራዊ ወይ ሃገርዊ ዕላማ ኣእቲና ክንርኢ ዘይምኽኣል፡ ካልእ ካብዚ ዝብገስ ጸገም ክኸውን ይኽእል እዩ።

ውልቃዊ ዕላማታትናን ራኢናን ኣብ መቓን ሃገራዊ ዕላማን ራኢን ኣሳኺና ምስ ዘይንኸይድ፡ ነብስና ቅድሚ እቲ ዝዓበየ ዕላማ ቀሩብ ኣርሒቕ ኣቢላ ስጕማ ክይትህሉ ኵሉ ግዜ ግልጽ ምባል ኣይጽላእን። ኣንደልሂጽና እንተ’ለና ናብ ሓዲድና ንምለስ፣ ድሒርና እንተ’ለና ከኣ ፍጥነትና ንውስኽ። ብ ‘ኣነ’ ዝመለለይኡ ንጻዕርን ኣበርክቶን ካልኦት፡ ኣፍልጦን ክብርን ዘይህብ ባህርያት ዝተዓብለልና ምስ እንኸውን ግን ንዕቤትናን ዕቤት ሕብረተሰብናን ኣዝዩ ሓደገኛ እዩ። ውልቃውነት የዕቢ፡ ሓባራዊ ስራሕን ናይ ምምልላእ መንፈስን ድማ የዕኑ። ብቐንዱ ድማ ንኽውንነት ብምልኣት ክንርኢን ግቡእ ንባብ ናይ ኵነታትና ክህሉወናን ኣየኽእልን እዩ።

ኣብ ሃገርና፡ ንኤርትራ ህይወቱን ዕድላቱን ዝኸፍል ዘሎ ዜጋ ማእለያ የብሉን። ምሉእ ህይወቱ ንሃገር ከርተት እናበለ፡ ክብደት ዕማሙ ኣብ ዝሕተተሉ እዋን ግን፡ “ኣነ ደኣ እንታይ ገይረ፣ ሰብ ካልእ እንድዩ ዝገብር ዘሎ፡” ክብሉኻ ከለዉ፡ ነዛ ነብስኻ ምንን ኢኻ ተብላ። ዓቢ ትምህርቲ ከኣ ትመሃር፣ ትሕት ምባል። ናይ ሓደ ደረጃ ትምህርቲ ባጀላ ምስ ሓዝና፡ ጫፍ ናይ ዓለም ዝበጻሕና ኮይኑ ዝስመዓና ሰባት ክንህሉ’ውን ንኽእል ኢና። ፍልጠት ግን ደረት የብሉን። ሰባት፡ ኪንዮ እቲ ንድልቦ ቀለም ዝኸይድ፡ ንቕሓትን ተመኩሮን ምስ ዘየሰንዮ፡ ጠቓሚ ትምህርቲ ኣይኮነን። ብኸምዚ መገዲ ምህሮና ንሕብረተሰብ ግብራዊ ለውጥን ማሕበራዊ ንቕሓትን ክፈጥር ምስ ዘይክእል ድማ፡ ማሃይም ካብ ምዃን ኣየናግፈናን። ብቐንዱ ፍልጠት እናወሰኽና ኣብ እንኸደሉ እዋን፡ ካብ ዝፈለጥናዮ ንላዕሊ ዘይንፈልጦ ብዙሕ ከም ዝተረፈና ክንግንዘብ ይግባእ። እቲ ንዓና ዝተርፈና ፍልጠት ከኣ፡ ኣብ ካልኦት ከም ዘሎ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ፡ ንዝያዳ ዕብየት፡ ትሕትናስ ኣዝዩ መድለዩና።



# ገለ ክውረስ ካብ ዘሎዎ ሰውራዊ ክብርታት

ባህሊ ነቐፌታን ነብሰ ነቐፌታን፥ ሓደ ካብቲ ጌጋታት ኣብ ምእራም ኮነ እሩም ሰውራዊ ስነ-ምግባር ኣብ ምኹስኳስ ዓቢ ተራ ዝነበሮ፡ ባህሊ ነቐፌታን ነብሰ-ነቐፌታን እዩ ነይሩ። ገለኡ፡ ኣብዚ ሎሚ ኄንካ ከም ጌጋ ዘይትሓሰቦ ነቲ ሰውራ ግን መንነት ክልብሶ ካብ ዝኸኣለ ረቛሒታት ነይሩ። ኮይኑ ድማ፡ ክእረም ዝተደልየ ባህርያት ብቐሉዕ፡ ኵሉ ተጋዳላይ ብዝመሃረሉ ኣገባብ ናብ ሓፋሽ ይወርድን ግቡእ መደረኽ ነቐፌታን ነብሰ-ነቐፌታን ድማ ይካየደሉን ነይሩ። ሎሚ ኣብ ትካላትና ወይ ኣብ ዝኾነ ናይ ስራሕ ኣጋጣሚ፡ ነቐፌታን ነብሰ-ነቐፌታን እነዘውትር ውሑዳት ኢና። ኣራሚ ዘይብሉ ጌጋታት ክንዲ ኵምራ ኮይኑ ክሳብ ዝጸቕጠና ኣይንጸበ። ካልእ ዘየማዕብለና ባህሊ’ውን ኣሎ። ኣብ ከባቢና ኮነ ኣብ ትካልና ብዓይኒ ነቐፌታ እንዕዘቦ ተርእዮታት፡ ኣብ ግቡእ ግዜን ቦታን ምዝራብ ገዲፍና፡ ድሕሪ መጋረጃ እንሓምን ካዕቦ ንምድርን ውሑዳት ኣይኮናን። ኣብቲ ግቡእ መድረኽ ዘይተቐርቦ ወይ ዘይተቐርብዮ ምስ ተበሃልና ድማ፡ “ትርጉም ንዘይብሉ እንታይ ኣምሲለ ኣፈይ ዘርስሕ፡” ዝበላ ልሙዳት ርእይቶታት ኣለዋ። ኣፍና ከነርስሕ ፍቓደኛታት ምስ ዘይንኸውን፡ ግብራዊ ለውጢ ብዘየምጽእ ሕሜታ እዝኒ ሰብ ካብ ምርሳሕ’ውን ክንቍጠብ ኣሎና። ንዕቤትናን ዕቤት ትካላትናን ብሃናጺ መገዲ ክንተኣራረም ኣገዳሲ እዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ መድረኻት ድማ መቀያየምን መፈኻኸርን ዘይኮነ፡ ብግቡእ ክመሓደርን ውጽኢቱ ድማ ብእወታ ተረዲእና ክንመሃረሉን ንዕቤትና ሓጋዚ እዩ።

ብቕዓት፥ ኣብ ሰውራ ምልስ ኢልና ሓደ ኣገዳሲ ተመኩሮ ንውሰድ። ሓደ ተጋዳላይ ክጋደል ንሜዳ ኤርትራ ኣብ ዝጽንበረሉ እዋን፡ ኪንዮ ካላሽን ሒዙ ምውጋእን ጸላኢ ምግጣምን፡ ከም ውጽኢቱ ድማ ናጽነት ምዕታር፡ ካልእ ሕልሚ ኣይነበሮን። እቲ ኣብ ሰውራ ዝተተኽለ መንግስቲ ግን ኪንዮ ኩናት ዝኸተሉ ካልእ ዓውድታት ውሑድ ኣይነበረን። ኵሉ እቲ ክትከኣስ ጥራይ ሓሊኑ ዝወጽአ ተጋዳላይ፡ ገለኡ ሓኪም፡ መምህር፡ መሃንድስ፡ መራሒ፡ ወዳቢ፡ ወዘተ ብምዃን ብልዑል ብቕዓት ንሰውራ ኣበርኪቱ እዩ። ‘እዚ ኣይክእሎን፡’ ‘ሞያይ ኣይኮነን፡’ ምባል ከም ኣምር’ውን ኣይሰማዕን። እዚ ከም ተመኩሮ ምቕሳሙ ኣገዳሲ እዩ።

ብቕዓት፡ መድረኽ ብዘይ የገድስ ኣገዳሲ ባእታ ህላወ እዩ። ክንሰርር ክንበቅዕ ኣሎና። ኣብ ዝተዋፈርናሉ ሞያታት ብልዑል ብቕዓት ምዕያይ፡ ኣብ ዝጸንከረ እዋን’ውን ንጸገም ካብ ምቅላዕ የድሕነና እዩ። ብቕዓት፡ ውጽኢት’ቲ ኣብ ሞያና ኮነ ኣብ ሒዝናዮ ዘለና ዕላማ፡ ዘሎና ናይ ስራሕ ስነ-ስርዓት ስለ ዘንጸባርቕ፡ ኣገዳሲ መዐቀኒ ደረጃና እዩ። ኣብ እንግድዓ ዝበቖዑ ሰባት ተሰቒልና እንብርኽን ዝበቓዕና ዝመስለናን ሰባት እንተ’ለና ግን ነብስና ምፍታሽ ኣይጽላእን እዩ።

ካብ ንዓይ ንብጻየይ፥ ሰውራ ኤርትራ ብጻይነት ብግብሪ ዝመሃረ ሰውራ እዩ። ክሳብ ናይ ህይወት መስዋእቲ ዝኸደ መግለጺ ብጻይነት ነይርዎ። “ንዓይ” ዘይኮነ “ንዓና”፡ “ኣነ” ዘይኮነ “ንሕና” ዝብሉ ባህርያት ኩስኩሱ። ኣብዚ ብውልቃውነት ዝተዓብለለ ዘመናዊ ዓለም፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣብ ጽንኩር እዋን ዝተኹስኰሰ ኤርትራዊ ባህሊ፡ ናብ ወለዶታት ክውረስ ኣሎዎ። እዚን ካልእን ክብርታት፡ በቶም ሕጂ ዘሎና መእሰያት ክውረስ፡ በቶም ነዚ ክብርታት ዝፈጠሩ ወለዶ ድማ ክቕየስ ዘሎዎ ባህሊ እዩ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ተማሰገን ካሕሳይ ገብረእግዚኣብሄር፡ ኣደይ መሰለሽ ገብረመድህን ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ብዞማዚቱ ኣበሉ ስመይ ሳምሶም ዳኒኤል ተስፋማርያም ምባል ተሪፉ፡ ሳምሶም ዳኒኤል ኣብርሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

እዮብ በረኸት ገብረክርስቶስ፡ ኣደይ ወዘሽ መተካን ወልደየሃንስ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሳባ ጺጋይ ክፍሉ፡ ብዓል ቤተይ ክብርኣብ ግርማይ ክፍለ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/11/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ወ/ሮ ምዕራፍ ወልዱ ወልደሚካኤል፡ ጓለይ ሃና ሃብተማርያም ፍስሃጼን ስለዝተሰወአት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ወ/ሮ ገኑት ኣሕፈሮም ሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ብርሃ ግርማይ ሞገስ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/11/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ትብለጽ ካሕሳይ ገብረኪዳን፡ ብዓል ቤተይ ሰመረ ገብረእግዚኣብሄር ካሕሳይ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1ወዱ ድማ ወራሲ ምኻኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/10/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሰምሰም ተስፋጽዮን ዘርኢያቆብ፡ ኣደይ ለተብርሃን ሃብቱ ተስፋሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣስቴር ዘርኡዳዊት በርሀ፡ ስም ኣደይ ሃይማኖት ተኽለ ገብረስላሴ ምባል ተሪፉ፡ ሃይማኖት ታከለ ገብረስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲት ተኽኣ ሃይለ ካሕሳይ፡ ተኸሰስቲ ኣፍ/ምልእተ ገብረታትዮስ
1.ደቦሳይ ገብረሚካኤል ገብረታትዮስ
2.ሂወት ገብረሚካኤል ገብረታትዮስ
3.ውዳሴ ገብረሚካኤል ገብረታትዮስ
4.ተስፋይ ገብረሚካኤል ገብረታትዮስ
5.ማእከለ ገብረሚካኤል ገብረታትዮስ
ወከል ኣማኑኤል ዘወልደ፣ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተማሰረትልኩም ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ን22/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ቀሪብ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

እንትሳር መሓመድ ዐሶማን ምባል ተሪፉ፡ እንትሳር መሓመድዐሶማን ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መብራህቱ ሸመንዲ ተስፋእዝጊ ምባል ተሪፉ፡ መብራህቱ ሸመንዲ ተስፋእዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ራኢ ኣማን ካሕሳይ ምባል ተሪፉ፡ ናትናኤል ኣማን ካሕሳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ተኽለ ኣብርሃም ገብረመድህን፡ ሕጋዊት ወከል ብዓልተ፡ ቤቱ ሰለማዊት ዑቕባይ ገብረማስቀል፡ ሓወይ ዘሙይ ኣብርሃም ገብረመድህን ከፆሎ ድማ ሰይቲ ሓወይ ወ/ሮ ምሕረት ገብረስላሴ ኪዳ ብዕለት 2/01/2012 ዝተፈጸመ ወህብቶ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣበባ ተስፋይ በርሀ፡ ኣቦሓጎይ ኣቶ ንጉሰ በርሀ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ከሳሲት ወ/ሮ ሃይማኖት ሰመረ ሃብተሚካኤል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣማረ ስብሃቱ ከበደ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን26/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ።

ኣድያም ጸሃየ ምባል ተሪፉ፡ ሲድያ ጸሃየ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ሃይማኖት ዳዊት፡ ብዓል ቤተይ ፍስሃጼን ተወልደ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቂ ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1.ሰም ዓንደም ዘርኣይ 2. ሄኖስ ዓንደም ዘርኣይ ወከል ኤፍሬም ለገሰ፡ ዓባይና ንግስቲ ተወልደብርሃን ስለዝዓረፈት፡ ንወለድና ተኪእና ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተኸሳሲ ኣቶ ዳዊት ኪዳነ ሓጎስ፡ ከሳሲት ወ/ሮ መኣዛ ተኸስተ ሃብቱ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን10/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ወ/ሮ ንጽሃ ይሕደጎ ማኑ፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ካሕሳይ ጊላይ ከፈለ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 11 ደቂ ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ጋሻ ነፋሒ ጎደና-ቂጎዙ ብቑ/ፍቓድ ዋኒን ASL00041430 ናይ ደኳን ትካለይ ንወ/ሮ ሰላት ጸሃየ ኣለም፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጋሻ ነፋሒ፡ ጎደ – ቂጎዙ ብዕለት 03/09/2025 ቁ.መዝ 363/2025 ብወሃብቶ ስለዝሃብኩዋ፡ ብስም ወጸቢት ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግብኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ተቐባሊ ወህብቶ ከምዝመሓላለፍ ኣፍልጥ።

ዝፋን ተኽለ ተስፋ

---

ኣቶ ዕደል የማነ እስቲፋኖስ ዝተፈቕደሎም ናይ ክራይ መኪና ንግዳዊ ትካሎም፡ "ዕደል ክራይ መኪና " (EDIL RENT CARS) ተባሂሉ ክጽዋዕ ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘየቕሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሃቢ ንግዲ

---

## ንካልኣይ ግዜ ዝወጸአ ምልክታ ጨረታ

ዓዲ ቤት ት/ሰሩኪኑት ዊና ናቕፋን ኣሕዳሪ ቤ/ት/ጸብራ (ሰውራ) ናቕፋ፡ ውዕል ዓመታዊ ቀረብ መግቢ፡
ኣገባብ ዕድጊ፡ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)፡
ቤት ት/ሰ ኪኑት ዊናን ኣሕዳሪ ቤት/ት/ጸብራን ናቕፋ ንዓመተ ትምህርቲ 2026 ካብ ወርሒ ጥሪ ክሳብ ወርሒ ታሕሳስ 2026 ዓ/ም ንተመሃሮ ዝውዕል ገፍሮ በርበረ ምስ ቀመሙ ከማሓርት ስለ ዝደለዩ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

1.ቤት ት/ሰ ኪኑት ዊናን ኣሕዳሪ ቤት/ት/ጸብራን ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ ገፍሮ በርበረ ምስ ቀመሙን ብዕሹግ ደብዳቤ ከቕርቡ ይዕድሙ።
2.ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3.ተሓፀርቲ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመተ 2024 ክሊራንስ መንግስቲ የቕርቡ።
4.ተሓፀርቲ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፡ ካብ ማእከል ቤ/ጽ ሚኒ/ትምህርቲ ቑጽሪ 20 ቴሌፎን 200593 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5.ብቑዓት ተሓፀርቲ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 (ሓምሳ) ናቕፋ ከፊሎም ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ን14 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ብጽባሒቱ ተሓፀርቲ ሕጋውያን ወከልቶም ስዒሰርዎት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ኣዳራሽ ሚኒ/ትምህርቲ ልክዕ ሰዓት10:00 ቅ/ቀትሪ ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት።
7. መኸበሪ ጨረታ ንፍሲ-ወከፍ ቤት ትምህርቲ 20,000.00 (ዕስራ ሽሕ) ናቕፋ Bid Security (CPO) ክሽ ኣለዎ።
8 . ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘእዝዞ መሰረት ይኣየድ።
9. ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብምሉእ ወይ ንብከፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚኒስትሪ ትምህርቲ
ቁ/ቴሌፎን 200593

---

## Notice:

Notice is hereby given to public that HAREGU TESFU PLC convened an extraordinary general meeting on September 10,2025 at 10: 00 AM and resolved the following

1. Heirs of late Kesete Yohannes : Bethel Kesete ,Rahel Kesete and Samson kesete donated their 18 share to their mother Mrs. Hadas Embaye which they acquired by inheritance.
2. Mrs. Hadas Embaye Nadew is admitted as a new member of company having 25 shares acquired by matrimonial rights and 18 shares obtained donation from her kids.
3. Mrs. Hakisier Yohannes will be the General Manager of Company as before.

HAREGU TESFU PLC

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ኣርሴማ ጸጋይ ግደይ ምባል ተሪፉ፡ ብስራት ጸጋይ ግደይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፍርቱና ዑቕባይ ተስፋስላሴ ምባል ተሪፉ፡ ቅሳነት ዑቕባይ ተስፋስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ልዋም የማነ ዑቕባይ ምባል ተሪፉ፡ ልዋም የማነ ዑቕበ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ጻዕዳይ የማነ ገብረኣብ፡ ብዋልቤተይ መም/ ተኽለወይኒ ኣርኣያ ታደሰ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1ወዱ ደማ ወራሲ ምኻኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቀይሕ

መም/ ኣኽበረት የውሃንስ ማሕሩፉ፡ ብዋልቤተይ ሰለሙን ጸጋይ ዘርኡ ስለዝዓረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ መብራህቶም ዳኘው ካሱ፡ ወለደይ ዳኘው ካሳ ሓጎስን ብርሄ ተሰማ ጋበን ስለዝዓረፉ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

የማነ ጸጋይ ገብረህይወት ምባል ተሪፉ፡ የማነ ጸጋይ ዑቕባማርያም ሃብተጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡ ኣብ መንጎ ኣመልካቲት ወራሲት ነፍ/ሄር ተኽለ ዘርኣማርያም ወ/ሮ ፍረወይኒ ተኽለ ዘርኣማርያምን ተጸዋዕቲ ወረስቲ ነፍ/ሄር ተኽለ ዘርኣማርያም 1.ወ/ት ምሕረት ተኽለ ዘርኣማርያም 2. ኣቶ ሕሩይ ተኽለ ዘርኣማርያም 3.ወ/ት ሰምሃር ተኽለ ዘርኣማርያም ዘሎ ናይ ውርሲ ምቕሊት ክርክር፡ መ/ወሃብቲ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ኣድሓኑት ንጉሰ ገብረማርያም፡ ስም ኣደይ ኣመተማርያም ሓሰማ ገብረማርያም ምባል ተሪፉ፡ ኣመተማርያም ሓሰማ ኣምሓራይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ተኸሳሲ ኣቶ ካርሎ ካርናበቺ ሳንቶ፡ ብኸሳሲ ኣቶ ፍራንኮ ዲናያ ኣንቶኒ ናይ ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ገለብ

ጀሚዕ ዑሰማን መሓመድኑር፡ ብዋልቤተይ ዶ/ር ሳልሕ ረድኢ ገንደር ካብ ገዛ ምስ ወጸአ ክሳብ ሕጂ ስለዘይተመልሰ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ዓሻ መ/ድ ሓጅ ማሕሙድ፡ ንወዲ መዋቲት ሓፍተይ ባዕለይ ዘዕበኹ ዘለኹ ህጻን መሓመድ ሳልሕ መሓመድ ወላዲኡ ካብ ሃገር ምስ ወጸ ደሃይ ስለዘይብሉ፡ሞግዚትነት ናይ ወዲ ሓፍተይ ክወሃበኒ ስለዝበለት፡ ተጸዋዒ ሳልሕ መሓመድ ከር ብጋዜጣ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ጊላይ ቦኽረ ንጉሰ ምባል ተሪፉ፡ ጊላይ ቦኽራይ ንጉሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሓፍዝ ዓብዱ ኣሕመድ ምባል ተሪፉ፡ ዓብዱልሓፋዝ ዓብዱ ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣድሓኖት ተኽሉ መሰመር፡ ኣደይ ለተብርሃን ኣካለ ተስፋዝጊ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ወ/ሮ ሸዋ ሓድጉ ገብረሂርያት፡ ወደይ ሂ. ዳንኤል ትኩእ ስለዝተሰወአ፡ ሓዳር ይኹን ውላድ ስለዘይብሉ ኣቡኡ'ውን መዋቲ ስለ ዝኾነ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ኣሸላ ተኽለ ምሕጹን፡ ብዋልቤተይ ተስፋጋብር ወልደማርያም ኪዳን ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ደማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ሉቃስ ሰቑር ማህደር፡ ተጸዋዒ ዓለዊ ዓብደልቃድር ሓጎስ፡ ናይ ሲቪል ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን22/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ኣቶ ክብሮም ስመረሃይለ፡ ብዋልቲ ቤተይ ክብራ ሰቑር ሃብቱኣብ ስለዝተሰወአት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ደማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ሮሞዳን ዑሰማን እስማዒል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተስፋማርያም ገብረትንሳኤ በርሀ፡ ናይ ዋንነት ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን30/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

ኣምና መሓመድ ሰዒድ መሓመድ ህያቡ ምባል ተሪፉ፡ ኣምና መሓመድ ሰዒድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/10/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ኣበ ተስፋይ በየን፡ ሓወይ የውሃንስ ተስፋይ በየን ካብ 2005 ዓ/ም ደሃይ ስለዘይብሉ፡ ጥፉእ ምኻኑ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ብስም ሰናይት ኣማን ኣርኣያ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00038273 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ማይላም ቁ.ገዛ 30 ዝርከብ ናይ ደኳን ትካለይ ንወ/ሮ ኣስቴር ስመረ ባህሩ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማይተመናይ ጎደና 149-10 ቁ.ገዛ ካብ ዕለት 01/07/2025 ክሳብ ዕለት 30/06/2026 ኣካርየ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከም ዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

ሰናይት ኣማን ኣርኣያ

ወኪል ለተብርሃን የውሃንስ መዝገቦ

---

ወ/ሮ ኣረጋሽ ገብረእየሱስ ማሾ፡ ዝተፈቐደለን ናይ ምክራይ ቢሎን ማሽጢ. መጋጻ. ኣቕሑትን ንግዳዊ ትካለን "ብሩኽ ምክራይ ቢሎን ማሽጢ. መጋጻ. ኣቕሑት" (BRUK BRIDAL WEAR RENTAL & COSMETICS) ተባሂሉ ምስየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቀድሚ ምምዝጋቡና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ. ሓደ ወርሒ. ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከም ዝምዝገብ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ. ውሽጣዊ ንግዲ.

---

ብስም ወላዲተይ ነ/ሄራት ሓረጉ ደምሳስ፡ ብመለለይ ብቑጽሪ ንብረት 1፡013252 ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ዝተመዝገበ ኣብ ኣስመራ ማይ ተመናይ ፕሎት 53 ፓርሰል "F1" ቁ/ገዛ 9 ተደኩት ዝርከብ ገዛ ኦርጂናል ልብሬቶ ስለዝጠፈኣኒ፡ ብዕዳ ወይ ብውሕስነት ዝሓዞ እንተሎ ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልታት ብቑጽሪ ተለፎን 07265798 ደዊሉ ደርከበኒ፡ ወይ ይሃበኒ፡፡ እዚ ምስ ዘይግበር ግን ቅዳሕ ናይ'ቲ ልብሬቶ ካብ ቤ/ጽ ካዳስተር ክወሃበኒ ክሓትት ምኻነይ ኣረጋግጽ፡፡

ወ/ሮ ኣኽበረት ተስፋጋብር ተኽሉም

---

ንሕና ማሕበር ኣሕዋት ላሳለ ዘትምህርት ክርስትና ዝተበሃልና ኣብ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ገጀረት ፕሎት 84 ፓርሰል N ዚፕ ኮድ 1A178 ጎደና ኣቦ ቁ.ገዛ 58 ዝርከብ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቑ.ንብረት 1BRASM019363/0 ብስም ወ/ሮ ሃይማኖት ስብሃቱን ኣቶ ሳህለ ዘመድብርሃንን ዝተመዝገበ ገዛ ብህያብ ስለዝሃቡና፡ ናብ ስምና ክምሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ. ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦሪጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክፍጸም ምኻንና ንሕብር፡፡

ኣሕዋት ላሳለ ዘትምህርት ክርስትና

---

ብስም ኣሓት ካኖቺኒ ዘቅድስት ክላራ፡ ብዕለት 11/01/2000 ካብ መሬትን ኣክብዘበን ቁ.ምዝክር ወረቐት 33 ቁጽሪ ሊብሬቶ 119875 ቁ.መዝገብ 122828 ስለዝጠፈኣና፡ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝበል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ. ሓደ ወርሒ. ብቑ.ቴሌፎን 07823481 ፡07301626 ናይ ገዛ ቴሌ 155379 ክትሕብሩና፡፡ እንተዘየለ ግን ካብ ዝምልከቶ ኣካል መተካእታ ናይ ዝጠፍአ ኦርጂናል ሊብሬቶ ክወሃበና ከም እንሓትት ነፍልጥ፡፡

ኣሓት ካኖቺኒ ዘቅድስት ክላራ

---

ኣመልካቲ ኣነ ባህልቢ. ክብረኣብ ኢያሱ፡ እዚ. ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ምም/ ከባቢ. 04 ዝርከብ ጎደና 578 ዚፕ ኮድ 6K-1946 ፕሎት 269 ፓርሰል POP269 ስፍሓት መሬት 300 ት/ሜ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣብ ልዕሊኡ 1 ክፍሊ. መደቀሲ. ገዛ ምስ 1 ክሽነን 1 ዓይነምድርን ዘለዎ መንበሪ ገዛ ብሰበዋ ህያብ ካብ ምሳሹ ኢያሱ ፍካክ ዝተቐበልክዎ ኣሎ፡፡ እዚ. መንበሪ ገዛ ናብ ስመይ ክመሓላለፈለይ ስለ ዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተ'ሎ፡ ኣብ ውሽጢ. ሓደ ወርሒ. ዘሎ ግዜ ናብ ቤ/ጽ/ፓ/ኖ/ካዳስተር ዞባ ዓንሰባ ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክፍጸም ምኻንና ንሕብር፡፡

ባህልቢ. ክብረኣብ ኢያሱ

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

# ሕምባበ ቴክኖሎጂ ደቅና ከየሕድገና!

ሉል ተስፋይ
ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን

ቈልዑ ኣገደስቲ ክፋል ሕብረተሰብ እዮም። ሓደ ካብ መሰረታዊ ዕላማታት ስድራቤት፡ ቀጻልነት ሕብረተሰብ ዘውሕሱን ክብርታትን ልምድታትን ሕብረተሰብ ዝፅጥቁን ቈልዑ ምምልማልን ምዕባይን እዩ። ስድራቤት ቀዳማይ ትካል ምምሕባር ከም ምዃና መጠን፡ ኣብ መጀመርታዊ ዓመታት ህጻን ማለት ካብ 1-5 ዓመታት ኣብ ዘሎ፡ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ምዕባለ ህጻናት ኣብ ምቕራጽ ወሳኒ ተራ ይጻወት።

ኣብዚ መጀመርታዊ ዓመታት ብሉጽ ናይ ምምሕባር መሰርሕ ዝሓለፈ ቈልዓ፡ ኣብ ግዜ ኩትትናኡን ብጽሕናኡን ንዘጋጥሞ ብድሆታት ማሰገሪ ዝኾኖ ኣገዳሲ ዕጥቂ ከም ዝዓጠቐ ይውሰድ። የግዳ፡ ዓውለማዊ ቴክኖሎጂን፡ ምስ ኩሉ ድንቂ ብልጫታቱ፡ ብፍላይ ኣብ መንእሰያት ዝፈጥሮ ዘሎ ኣሉታዊ ጽልዋታት ዕሽሽ ዘይበሃሎን ኣቓልቦ ዘየርኣን እዩ። ማዕረ ማዕረኡ'ውን፡ እዞም ክልተ ተርእዮታት (ዓውለማዊ ቴክኖሎጂን) ዝፈጥርዎ ጽልዋታት ኣብ ቈልዑ'ውን ከይተረፈ ብዙሕ መዛዘ ኣብ ምምጻእ ይርከብ።

ሕጂ ግዜ፡ ወለዲ ኣብ መጀመርታዊ ዓመታት፡ ንህጻናት ደቆም ክህብዎም ዝግብኦ ፍቕርን ምምሕባርን ንኸይህብዎም ሓሊኹ ካብ ዙሓዝ ነገራት እዩ። ዓውለማ ካብ ዝፈጠሮ ሓደ ባህሊ፡ ቁጠባዊ ድሌታትካ ንምምላእ ዘይተኣደነ ሰዓታት ኣብ ስራሕ ምሕላፍ እዩ። ኣብዚ እዋን ዘመናዊ ዓለም ዝጠልቦ ቁጠባዊ ጠለባት ብዙሕ ብምዃኑ፡ ብዙሓት ወለዲ ካብ ምስ ደቆም ኣብ ዋኒኖም ዘሕልፍዎ ሰዓታት እናበዝሐ ይኸይድ ኣሎ። እዚ ዘሰዓቦ መዛዘ፡ ቈልዑ ካብ ምስ ወለዶም ምስ ቴክኖሎጂያዊ ፍርያት፡ ከም ሞባይላት፡ ኢንተርነት፡ ቴለቪዥን ወዘተ. ዘሕልፍዎ ግዜ ይወሰኽ ኣሎ።

ቴክኖሎጂያዊ ገስጋስ ኣብ ኩሉ ጽላታት ዝፈጠሮ ለውጢ ዕዙዝ እዩ። ህይወት ወዲ ሰብ ቀሊል ኣብ ምግባር፡ ዓቢ ተራ ኣብ ምጽዋት ይርከብ። እወታዊ ጎድናታቱ ከም ዘለዎ ኮይኑ፡ ዘይግቡእ ኣጠቓቕማ ቴክኖሎጂ - ኢንተርነት፡ ሞባይላት ኣብ ማሕበራዊ ህይወት ስድራቤታት ዝፈጥሮ ዘሎ ሽግራት እውን ብዙሕ እዩ። ገለ ካብኡ፡ ጸገማት ንምጥቃሱ፡ ማሕበራዊ ምብህሃል ኣብ መንጎ ኣባላት ስድራቤት ኣጊዙ ብምጕዳሉ እዩ። ማሕበራዊ ምብህሃል ክየለጽ ከሎ፡ ኣባላት ሕብረተሰብ ዝኾኑ ሰባት ኣብ መንጎኦም ዝካየድዎ መስርሕ ምብህሃል፡ ማለት ምልውዋጥ ሓበሬታ፡ ምስዮጊጋር ፍልጠት፡ ምክፋል ተመኩሮታትን ዝሓዘ እዩ።

ማሕበራዊ ምብህሃል ኣብ መንጎ ኣባላት ስድራቤት ዝሎ መሰርሕ፡ ምልውዋጥ ሓሳባትን ተመኩሮታትን ዘጠቓልል እዩ። ኣባላት ስድራቤት ዝገብርዎ ምልውዋጥ ሓሳባት ኣብ ስድራ ዝሎ ሓድነት፡ ግሉጽነት፡ ፍቕሪ፡ ሓልዮት ኣብ ምዕባይ፡ ዓቢ ተራ ኣለዎ። ኣብ'ተን ብኢንዱስትሪ ዝማዕበላ፡ ልዑል ቴክኖሎጂያዊ ገስጋስ ዘተመዝገባለን ሃገራት፡ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዝተገብረ መጽናዕትታት ከም ዘመልክቶ፡ ካብ 6 ክሳብ 8 ሰዓታት ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዘሕልፉ ትሕቲ 12 ዓመት ዝዕድመኦም ቈልዑ፡ ግዳይ ዝተፈላለዩ ስነ ኣእምሮኣዊ ጸገማት ከም ዝኾኑ የጸርዩ። እዞም ስነ ኣእምሮኣዊ ጸገማት ከም ቅዝቀዝ፡ ጭንቀት፡ ሻቕሎት፡ ዕዋጅ፡ ሕርቃን፡ ኑብስ ምትሓት፡ ዝንባለታት ኑብስ ቅትለት፡ ወዘተ. እዮም።

ወለዲ ናይዞም ቈልዑ ንመዓልቲ ብጠቕላላ ካብ 12 ክሳብ 16 ሰዓታት ኣብ ስራሕ ዘሕልፉ ብምዃኖም፡ ንደቆም ብቐረባ ኣይከታተሉን። እዚ ኣብ ምፍዋስ፡ ወለዲ ሰዓታት ስራሖም ብምንካይ ስድራቤታዊ ግዜ ዘሕልፉሉ ኩነታት ክፈጥሩ ክኢላታት ስነ ሕብረተሰብ ይመኽሩ። ስድራቤታዊ ግዜ ክግለጽ ከሎ ኣባላት ስድራቤት ውልቃዊ ዋኒኖም ብምውጋን፡ ኣብ ስድራቤታዊ ጉዳይ ዝጽመዱሉን ናይ ምብህሃል መድረኽ ዝፈጥሩሉን እዩ። ስድራቤታዊ ግዜ ኣገዳሲ ካብ ምዃኑ ዝተላዕለ፡ ንዓኡ ተባሂሉ ዝምደብ ግዜ ከም፡ "ብሉጽ ግዜ" (quality time) ይምስል።

ስድራቤት ናይ ምምራሕን ምምእዛንን ሓላፍነት ዘለዎም ወለዲ ንደቆም ባህልን ስነ ምግባርን ምስ ዘይምህሩ፡ ቈልዑ ኑቲ ካብ ወለዲ ዝሰኣንዎ ትምህርቲ ካብ ኢንተርነት ክረኽብዎ ክጽዩ ንቡር እዩ። ስለዚ፡ ቈልዑ ካብ ባህልን ልምድታትን ወጻኢ ኣብ ዝኾኑሉ እዋን፡ ኣብ ኢንተርነት ዝረኸብዎ ንዓኦም ዘይምጥን ነገራት፡ ኑቲ ንጹህ ኣእምሮኦም ክብከሎ ይኽእል እዩ።

ብ ዓውዲ ስነ ሕብረተሰብ፡ ንኣተዓብብያን ምምሕባርን ህጻናት ኣመልኪቱ ዝገደሰ ዓውዲ ኣሎ። ኣብዚ ዓውዲ ቈልዑ ብኸመይ ይዓብዩ፡ ቈልዕነት ብኸመይ ይግለጽ፡ ቈልዑ ወጽኢት ምምሕባር ዲያም ወይ ተፈጥሮ፡ ኣተዓብብያ ቈልዑ ብመንጽር ስድራቤታዊ ድሕረ ባይታኦም፡ ወዘተ. ክምልስ ይፍትን። ዝበዝሑ መጽናዕታዊ ርኽበታት እዚ ዓውዲ፡ ቈልዑ ወጽኢት ባህልን ኣተዓብብያን ናይ ሕብረተሰቦም ምዃኖም የረድኡ። ኣብ መጀመርታ ዓመታት ናይ 21 ክፍለ ዘመን ዝተገብሩ ገለ መጽናዕትታት ግን፡ ቈልዑ ካብ ብመጻወቲ ዝጥቀሙሉም ነገራት (ፀማባላታት፡ ኮዓሰ፡ መኪይን ወዘተ)፡ ብኢንተርነት ዝርእይዎ ፊልምታት ከይተረፈ ዝያዳ ክጽለዉ ከም ዝኽእሉ ይገልጹ።

ኣላን ፕራውት ዝተባህለ ምሁር ስነ ሕብረተሰብ፡ ኣብ 2005 ኣብ ዘሕተማ "መጻኢ ቈልዕነት" (the future of childhood) ዘርእስታ መጽሓፉ፡ "ኣብ መፋርቕን መወዳእታን 21 ክፍለ ዘመን፡ ቈልዑ ወጽኢት ምምሕባር ጥራይ ዘይኮኑ፡ ዘመናውነት ዘምጽኦም ነገራውነትን ሰብ ሰርሖ ብልሕን፡ ኣብ ምቕራጽ ኣተሓሳስባ ቈልዑ ዓቢ እጃም ክህልዎም እዩ" ክብል ጽሒፉ ኣሎ።

ኣብ መንጎ ወለድን ቈልዑን ብፍሉይ ኣብ መንጎ ኣባላት ስድራቤት ድማ ብሓፈሻ ዘሎ ብሉጽን ስጡምን ዝምድና፡ "ስድራቤታዊ ምትእስሳር" (family bond) ተባሂሉ ይጽዋዕ። ስድራቤታዊ ምትእስሳር ኣባላት ስድራቤት ኣብ መንጎኦም ንዘሎ ማሕበራዊ፡ ስነ ኣእምሮኣዊ፡ ቁጠባዊ ዝምድናታት ኣብ ምሕያል ዓቢ ተራ ይጻወት።

ሓደ ካብ ፍሉይ ባህርያት ቈልዑ፡ ብዙሕ ክትፈልጥ ምድላይ እዩ። ኣባላት ስድራቤቶም ኣብ መንጎኦም ኣብ ዝህልወሉ እዋን ሕቶታቶም ኣዕጋቢ መልሲ ክረክብ ይኽእል እዩ፡ ኩሉ ናይ ምፍላጥ ህንጡይነቶም ድማ ፍታሕ ክረክብ ይኽእል እዩ። ኣብ ዘርያኦም ዝውክስዎ ሰብ ኣብ ዘይህልወሉ እዋን ግን፡ መልሲ ሕቶታቶም ንምርካብ ናብ ወጽኢት ሰብ ሰርሖ ኣእምሮ (AI) ዝኾኑ ሶፍትዌራት ክኸዱ ንቡር እዩ።


ዊዮን ቲቪ (WION TV) ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኣብ ህንዲ ዝመደበሩ ማዕከን ዜና፡ ኣብ ቀረባ እዋን ንጽልዋ ሰብ ሰርሖ ኣእምሮ ኣብ ቈልዑ ኣተኩሩ ሰነዳዊ ፊልም ፈጊጁ ነይሩ። ኣብቲ ሰነዳዊ ፊልም፡ ኣብ ከም ህንድን ፈረንሳን ዝኣመሰላ ብርክት ዝበለ ተጠቀምቲ ኢንተርነትን ሰብ ሰርሖ ኣእምሮን ዝረኣየለን ሃገራት፡ ትሕቲ 12 ዓመት ዝዕድመኦም ቈልዑ፡ ኣብ ከም ቻት ቦትን (ai chat bot)፡ ቻት ጂፒቲን (chat gpt) ዝኣመሰሉ ሶፍትዌራት ብዝማዕበለዎ ጽግዐተኛነት፡ ቀለልቲ ሕቶታትን ቅማረታትን ብኣእምሮኦም ክሰርሑ ከምዘይክእሉ ይጠቅስ። እዚ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኢንተርነትን ሰብ ሰርሖ ኣእምሮን ዝሰዓቦ መዛዘ ብምርዳእ፡ ከም ፈረንሳ፡ ኒዘርላንድ፡ ኣውስትራልያ ዝኣመሰላ ሃገራት፡ ተጠቀምቲ ኢንተርነትን ማሕበራዊ መራኸቢታትን ኣብ ቈልዑ ዝድርት ሕጊ ተግባራዊ ከም ዝገበራ ይጠቅስ።

ሰባት ኣብ እኹል ዕድመ ምስ በጽሑ፡ ሕማቓትን ጸቡቓትን ክመምዩ ስለ ዝኽእሉ፡ ኣብ ኢንተርነት ዝረኽብዎ ሓበሬታ ከም ዘድልዮም ክወስድዎ ይኽእሉ። ብኣንጻሩ፡ ቈልዑ ናይ ምምማይ ዓቕሞም ድሩት ስለ ዝኾነ፡ ኩሉ ኣብኡ ዝረኽብዎ ሓበሬታ ከም ዘለዎ ክወስድዎ ንቡር እዩ። እዚ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ወለዲ ዕቱብ ክትትልን ቁጽጽርን ኣብ ተጠቀምቲ ሞባይላት፡ ኢንተርነት፡ መደባት ቴለቪዥን ክገብሩ ብክኢላታት ይምከሩ።

ካልእ፡ ወጽኢት ቴክኖሎጂ ዝኾነን ኣብ መንእሰያትን ቈልዑን ኣሉታዊ ስምብራት ዝፈጥርን ዘሎ፡ ቪድዮ ጌም እዩ። ቪድዮ ጌማት ዘፍርዩ ትካላት፡ ንቪድዮ ጌም ከም ምንጪ መኽሰብ ብምጥማት፡ ኣወሃሊፊ ብምግባር፡ ቈልዑ ካብኡ ከይተፈልዩ፡ ዘይተኣደነ ሰዓታት ከሕልፉ ይገብሩ ኣለው። ኣብዚ መዳይ ሰፊሕ መጽናዕቲ ዘካየዱ ክኢላታት ስነ ልቦና፡ ቪድዮ ጌም ብጠዚሒ ኣብ ዝጻወተሉ እዋን፡ ንኣእምሮ ባህታ ካብ ዝፈጥሩ ኬሚካላት ሓደ ዝኾነ ዴፓሚን ዝበሃል ብኡታ ብጠዚሒ ስለ ዝፈርእ፡ ንዘጻወትዎ ዘለው ሰባት ዓቢ ባህታ ከም ዝፈጥር ይገልጹ። እዚ ምጽዋት ቪድዮ ጌይም ብጠዚሒ ኣብ ዝዘውተሩ ድማ ንኣወላፍነት ከቃልዕ ከም ዝኽእል ይገልጹ።

ኣብ ቀረባ እዋናት ኣብ ኣመሪካ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘጽረዮ፡ ፈትሰቲ ብረታት ተጠቂሞም ኣብ ልዕሊ ሰባት መጥቃዕቲ ካብ ዘካየዱ ገለ ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ፡ ናይ ጎድኡ ቪድዮ ጌማትን ፊልምታትን ብጠዚሒ ዝርእዩ ምንባሮም የጽርዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ነዊሕ ሰዓታት ኣብ ቪድዮ ጌም ዘሕልፉ ትሕቲ ዕድመ ቈልዑ፡ ብኸም ከረሻ፡ ልዑል ጸቕጢ ደም፡ ሸኮር፡ ጸገማት ልብን ስርዓተ ምስትንፋስን ዝኣመሰሉ ጥዕናዊ ጸገማት ይጥቅዑ ከም ዘለዉ ይንገር። ብተመሳሳሊ ኣብ ከም ጃፓንን ደቡብ ኮርያን ዝኣመሰላ ሃገራት ኤስያ፡ ንነዊሕ ሰዓታት ቪድዮ ጌም ብምዝውታር፡ ናብ ሞት ዝበጽሓ ቈልዑን መንእሰያትን ከም ዘለዉ ምዝኽኻር ኣገዳሲ እዩ።

ወጽኢት ቴክኖሎጂያዊ ገስጋስ ዝኾኑ ኢንተርነት፡ ሞባይል ተለፎን ቴለቪዥንናት ካልእን ኣብ ምዝንጋዕ፡ ምስትምሃር፡ ምልውዋጥ ሓበሬታ፡ ምሕያል ርክባት ኣብ መንጎ ደቂሰብ ኣምጺኦምዎ ዘለው ገስጋስ ዓቢ እዩ። ተጠቀምቲ ናይዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ነገራት፡ ልክዕ ከም መጀመርታዊ ጠለብ ኣብ ዝተወሰደሉ ዘመን ሓበሬታ፡ ካብኦም ምህዳም ዝከኣል ኣይኮነን። ዘይግቡእ ተጠቃምነቶም ኣብ ቈልዑ ዘውርዶ ዘሎ ስነ ኣእምሮኣውን ጥዕናውን ሃሰያ ብምግንዛብ ግን፡ ወለዲ ደቆም ኣብ ተጠቀምቲ ቴክኖሎጂ ዝለዎም ኣፍልጦን መረዳእታን ኣብ ምዕባይ፡ ከምኡ'ውን ግቡእ ክትትል ኣብ ምግባር፡ ብዕቱብ ክሰርሑ ግዜን መድረኽን ዝጠልብ እዩ።





## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ደሃይ ኩለኛት |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:55 | መደብ ቡያ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ዕላል ጥበባት |
| 14:25 | ተኩኢንሳይት |
| 15:11 | ፍረ ጻዕሪ |
| 15:50 | ፓናሮማ |
| 16:15 | መደብ ናትራን 1ይ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ናትራን 2ይ |
| 19:21 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ፊልም ክብረት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፈንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ደርፌ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፊልም እትመት E249 |

# ርእይቶ

## እናሓደርካ ምምሕያሽ

ዊንታና ንርኣዮ

ኣብዚ ቀረባ እዋን'ዩ፡ ምስ ዓርከ መሓዛ፡ ኣብ ሰነፃ ኣዝማራ ኮፍ ኢልና ሻሂ እናሰተና፡ ብኣሰራርሓ ናይ ሓደ ቤት ጽሕፈት ዘማረረት ሓንቲ ተዋዛዪት ሓፍትና፡ ንኣቀባብላን ኣዘራርባን ኣብቲ ትካል ዝጸንሓ ሓደ ነቓጽን ዘዘለሳቸወን ሰራሕተኛ ብሎሚ እናርኣየት ተስሕቐና ነበረት። ግደ ሓቂ ዘስሕቕ ኣይነበረን፣ እኳ ድኣ ዘተሓሳስብ እዩ። እንተኾነ ናይ ካልእ ሰብ ተሞክሮ፡ ብክኢላ ተዋዛዪ ክድገም እንከሎ ምስሓቕ ኣይተርፍን።

ዋዛ ናታ ከይወጻእና፡ ሓንቲ ክንጸበዮ ዝጸናሕና ካብ ወጻኢ ሃገር ዝመጸት ካልእ ሓፍትና፡ ኣብ ክፍሊ ኢሚግረሽንን ዜግነትን ጸገማ ተጸንቢረትና። ኩርሲ ሰሒባ ኣእጋራ ኣመሳቒላ ኮፍ እናበለት ድማ፡ "እዞም ኢሚግሬሽን'ሲ ካብ ኣኩዳድናኦም ጀሚርካ፡ ኣቀባብሎኦም ናይ ስራሕ ዲሲፕሊኖም ክሰሕቦ፣ ብጥዑሞ ወዲኦ መጺኦ" ክትብል ኣንጸራዊ ዕላል ከፈተትና። ብድሕሪኡ ወግዒ ካብ መረረ ናብ ኣድናቖት ትኻሉት ሰገረ። ብዙሓት ብስርሖን ዝሕጉሳ ገለኦን ድማ ዘርናጋ ትካላት ተላዕሉ።

"ኣብዚ ሃገር ብትካላዊ ኣሰራርሓ ንመጻኢ ሰዋ ዘርክብ የለን" በለ ሓደ ካባና። "ሕሰበ'ሞ፡ ዓመት መጸ ብዘይ ምቁራጽ ዓርተታት ኣሸሓት መንእሰያት እናተቐበልካ ከተመሓደር፡ ቀሊል እኮ ኣይኮነን። ከመይ ኢሎም የመሓድርዎ ይድንጸወዲ እዩ። እሞ ድማ ኣብ ትምህርቲ ይኹን ኣብ ታዕሊም ካብቲ መደበሚ ሓንቲ መዓልቲ ስተት ዘይብሉ! ኣይገርመኩምን?"

"ምምሕዳር ሚኒስትሪ ምክልኻል ከኣ ይገርመኒ ኣሎ" በለ ካልእ። "ዳታ ናይዚ ኩሉ ምዱብ ሰራዊትን ናይዘን ኩለን ዘርያታት ሃገራዊ ኣገልግሎትን ኣተሓሕዝኡ ዘደንጹ እዩ፣ ብዙሕ ጌጋ ክህሉ ኢኻ ትጽበ፡ ግን ኣዝዩ ጽፉፍ እዩ. . ." ክብል ወሰኸ።

ብድሕሪኡ "ኢሚግሬሽን እቦ፣ ኢንሹራንስ እምበር፣ መጉዓዝያ ምድሪ'ኸ፣ ምምሕዳር ከበቢ እከለ ወዘተ." እናተባህለ ብዙሓት ትካላት ተላዕሉ። ካብ መንግስታዊ ትካላትን ምምሕዳር ንኢሳን ዞባታትን ሰጊርና እውን፡ ብጽፉፍ ኣገልግሎተን ዝፍለጣ ብሕታውያን ትካላት፡ ብሉጻትን ስሙያትን ካፈታትን ኣብዩት መጠን ከይተረፈ እናልዓልና "ምሕደራስ ከምኡ ክኸውን ኣለዎ እምበር" በልና።

ድሕሪኡ ናይ ናእዳ ዕላል፡ እታ ተዋዛዪት መሓዛና "ትካላትና፡ ካብ ብዓል መን'ከ የድሕሩ" ዝበለ ሕቶ ኣልዓለትና። ኩልና ብውሽጥና ዘጋጠመና ነገራት ግዲ ዘኪርና፡ ብስሓቕ ትዋሕ በልና። ሓያሎ ዘይምስጉናት ትካላትን ምምሕዳራትን ድማ ተላዕሉ።

ናይ ስራሕ ዲሲፕሊን ዘይብለን፣ ሰራሕተኛታተን ኣብ ሰዓቶም ዘይኣትዉ፣ ሓለፍተን ኣብ ኦፊሶም ዘይርከቡ፣ ህዝቢ ብትጽቢት ፍጭም ኩብላ ዝወፅኣ፣ ኣሰራርሓአን ጉሳስ፣ ሰቡት ብፆምልላስ ዘትዕቦ ዘጽድሊ መሳልል ስራሕ ዘብዝሓ፣ ኣሰራርሓአን ዘይግፆሞም፣ ብዙሕ ምምሕያሽ ኣሰራርሓ ፍጹም ዘይሓስቡ፣ መመሊሰን ኣገባብ ኣሰራርሓ ዘናውሓን ዘሓላልኻ፣ ሰራሕተኛታተን ኣገልግልቲ ህዝቢ ምዃኖም ዘይተረድኦ፣ ስርሖም ጉዳያት ምስላጥ ምዃኑ ዘይፈልጡ፣ ኣኩዳድናኦም ናይ ኦፊስ ግርማ ዘይብሉ፣ ኣጠማምታኦም ዘይፍሕሽው፣ ኣመላልሳኦም ነቓጽ ወዘተ፣ ብበዓይነቱ መግለጺ ዘይምስጉናት ትካላት ውሒዙ።

ብዙሕ ግዜ ብዛዕባ ምሕደራ ክለዓል እንከሎ ኣለፊኻ ምዝራብ ልሙድ እዩ። እቲ ሓቂ ግን ከምኡ ኣይኮነን። ካብ ትካል ናብ ትካል፡ ካብ ሓደ ቤት ጽሕፈት ወይ ምምሕዳር ናብ ካልእ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ትካል እውን ካብ ኣሃዱ ናብ ኣሃዱ ፍልልያት ክህሉ ባህርያዊ እዩ።

ደራሲን ክኢላ ስነ ምሕደራን ኣፍሪካዊ ሃይሉ "ትካላት ልክዕ ከም ሰብ እየን" ይብል ነበረ። ብኣገላልጻኡ፡ ከም ሓደ ንእሽቶን ተፈታውን ቆልዓ፡ ምጨዋትን ሰሓብቲን ትካላት ኣለዋ፣ ከም ሓደ ዓርጣም ኀዝዚ እምበረ ማጠን ግዚፍ ስራሕ ተሰኪመን ብትግሃት ዘሰልጣ ምሉእ ጥዕና ዘለወን ትካላት ኣለዋ። ከም ዝሓመመ ሰብ ዝቐዝቀዛ፡ ስራሐን ብግቡእ ዘይሰርሓ ክፍወሳ ዝግበአን ትካላት እውን ኣለዋ፣ ከም ሓደ ኣረጊት ሰብ ፍጹም ዝደኸማ ምቕባር ዝተረፈን እውን ኣለዋ። ገለ ትካል ከኣ፡ ከም ሓደ ናይ ኣእምሮ ሕመም፡ ዝሰርሖ ዘይፈልጥ ንሰነወት ኣብርኺቶ ዝጉብር ክህሉ ይኽእል። ከምቲ ሰብ በብግዜኡ ናብ ሕክምና ብምኻድ ሓፈሻዊ ተፍትሽ ጥዕና ክገብር ዝግበኦ፡ ምፍታሽ ጸገማትን ምፍዋስ ድኻማትን ምሕደራ ቀጻልን ዘቋርጽን ማስርሒ ክኸውን ከምዘለዎ እዩ መምህር ስነ ምሕደራ በየነ ሃይለ ዝመኽር።

ብርግጽ ድማ ህይወት ደቂ ሰብ ዘቋርጽ ማስርሒ ለውጢን ምሕዋሳን'ዩ። እዚ ማስርሕ'ዚ፡ ኣብ ሓደ መድረኽ በጺሑ ደው ዝበል ኣይኮነን። "መውዳእታ ምዕራፍ" ዝበሃል እውን የብሉን። ካብ ትማሊ፡ ሎሚ ዝበለጸካ እናኾንካ፡ ናብ ዝመጽእ ዝለመጽን ዝሰለጠን መድረኽ ናይ ምምራሽ ጉዕዞ እዩ - ህይወት ደቂ ሰብ። ኩሉ ከምዝፈልጦ፡ ዕላማ ውልቀ ሰብ ይኹን ስድራቤት፡ ዓይነት ህይወት ምምሕያሽን ጸር መጻብሮ ምቕላልን እዩ። ዕላማ ሓደ ትካል ኮነ ዕላማ ሓደ ሃገር እውን ካብኡ ዝፍለ ኣይኮነን። ሃገር ንብሎ፡ ንሓደ ወሰን ክፋል ዓለምና ተቖጻጺሩ፡ ብምድራዊ፡ ኣእምሮኣዊን ጉልበታዊን ጸጋታቱ፡ ድሕነቱ ከረጋግጽ፡ ሃብቲ ክድልብ፡ ኩሉ መዳያዊ ረብሓታቱ ከውሕስ ዝተወደበ ናይዚ ዘለናዮ ዘመን ዝለዓለ ደረጃ ጥርናፈ ደቂ ሰብ እዩ። ስለዚ ሃገር ወይ ሕብረተሰብ ከም ሓደ ዓቢይ ስድራ ክምሰል ይከኣል።

ምዕባለ ሕብረተሰብ ብቐንዱ ኣብ ሰብኣዊን መሬታዊን ጸጋታት ዝምርኮስ እኳ እንተኾነ፡ ውሕሉልን ወጻኢታዊን ኣጠቓቕማ ናይዚ ጸጋታት'ዚ ዘረጋግጽ ፍልጠት'ዩ። ፍልጠት ንበይኑ እውን ኣኻሊ ኣይኮነን። ፍልጠትን ክእለትን ናይ ኩሎም ኣባላት ሕብረተሰብ ኣወሃሂዱ ናይ ምግባር ዓቕሚ ዘኸልብት ጥምረት ወይ ውዳበ እቲ ዓቢይን ወሳኒን ባእታ እዩ። ሓያል ውዳበ ብኣድማዒ ምሕደራ እዩ ዝፍጠር። የጉዳስ ኣድማዒ ምሕደራ ብሓደ ዕለት ዝፍጠር ኣይኮነን። ብዙሕ ግዜ ትካላዊ ምሕደራ ከም ሓደ ወዳእ ስፍልጠት ኣምሲልካ ናይ ምግላጽ ዝምባለ ኣሎ። ልክዕ ግን ኣይኮነን። ኣብ ሃገር እከለ ዘሎ ትካላትን ኣገባብ ምሕደራኡን ከምዝለዎ ኣምጺእካ ኣብ ካልእ ሕብረተሰብ ከተስርሖ ዝከኣል ኣይኮነን። ምሕደራ ምስ ፍሉይ ኩነታት፡ ፖለቲካዊ ዕላማታት፡ ቁጠባውን ባህላውን ምዕባለ ሕብረተሰባት፡ ምስ ግዜን ብደሆታትን ብቐጥታ ምትእስሳር ዘለዎ እዩ።

## ንምምሕያሽ ኩሉሳዕ ክፉት ቦታ ኣሎ

ህዝብታትን ሃገራትን ዓለምና፡ ኣፍራይነቶምን ኣድማዕነቶምን ክብ ንምባል ወትሩ ኣብ ምሕያል ውዳቤ ስለዚ ድማ ኣብ ማስርሒ ምጽፋፍ ምሕደራን ምምሕዳራዊ ኣካላትን፡ ኣብ ጉዕዞ ምውርጻጽ ትካላትን ትካላዊ ብቕዓትን እዮም ዝርከቡ። ምምዕባል ትካላትን ምምሕዳራዊ ኣካላትን እምበኣር፡ ኣገዳሲ ኣካል ናይቲ ዘቋርጽ ማስርሒ ለውጢን ምሕዋሳን ሕብረተሰባት እዩ።

ኤርትራ ሃገርና፡ ኣብ 1991 ናጽነታ ተጎናጺፋ፡ ብርቂ ክትመሓደር ኣብ ዝጀመረትሉ እዋን፡ ህዝቢን መንግስትን ኤርትራ ንቁጠባዊ ሕውየትን ዕብየትን ይኹን ንህንጸት ትካላትን ምምሕዳራዊ ኣካላትን "ሀ" ኢሎም እዮም ተበጊሶም። ልዑል ህንጡይነትን ስምዒትን ሓያል ባህጊ ለውጢን ምዕባለን ግን ነይሩዎም። በዚ መንፈስ'ዚ ድማ፡ ምስናይ ኩሉ ዝገጠሞም ከበድቲ ብደሆታት፡ ንህዝቢን ሃገርን ዘርብሕን ዘሐብን ብዙሕ ዕዮታት ከሳልጡ፡ ዘለዎም ሐደት ጸጋታት ብሓያል ድሌትን ተወፋይነትን ኣረቢሖም፡ ንሱር በተኽ ቁጠባዊ ዕብየት መሰረት ዝኸውን ጥጡሕ ባይታ ከንጽፉ በቒዖም።

መንግስቲ ኤርትራ፡ ምምሕዳራዊ ኣካላቱ፡ ትካላት መንግስቲን ንምቛም ኣብ ዘተበገሰሉ ፈለማ እዋኑ፡ ብቕዓምነት ንዓይነት፡ መጠንን ብቕዓትን ናይቲ ዝቐውም ትካላት መንግስቲ ዝውሰን መሰረታዊ መትከላት ከቕምጥ እዩ መሪጹ። በዚ መሰረት ትካላት መንግስቲ፡ "ቅርጡው (Lean)፡ ንጹህ ወይ ካብ ብልሽውና ሓራ ዝኾነ (Clean)፡ ብቑዕ (Efficient) ኣድማዒ (Effective)፡ ክኾኑ ኣለዎ" ዝበለ መሪሕ መትከላት ኣሰፊሩ። እቲ ዝቐውም ትካላት መንግስቲ፡ ኣብዚ ዝተጠቕሰ ደረጃ ብቕዓት ንኽበጽሕ ልዑል ምትእትታው ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ክገብር ከምዝግባእን፡ ዓቕሚ ሰብ ናይ ምስልጣን ቀጻሊ መደባት ምትግባር ከምዝድልን እውን ኣሰሚሩሉ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ዕማም ሚኒስትሪታትን ምምሕዳር ዞባታትን እንታይ ክኸውን ከምዝግብኦ ኣጺሩ። ዕማም ሚኒስትሪታት፡ ፖሊሲ ምሕንጻጽ፡ ቁጽጽር ምርግጋጽ፡ መጽናዕትን ምርምርን ምኽያድን ምምዕባል ዓቕሚ ሰብን ክኸውን፡ ምምሕዳር ዞባታት ድማ ምስቲ ዘመሓድርዎ ህዝቢ ከም'ኡ'ውን ምስ ትካላት ግንባርን ሰራዊትን ብምውህሃድ ተግባርቲ ኣካላት ክኾኑ ወሲኑ። በዚ ንጹር መትከላት እናተመርሐ ድማ፡ ትካላት መንግስቲን ምምሕዳራዊ ኣካላትን ናይ ምህናጽን ምምዕባልን ዕማም ፈሊሞ። ጸቢቕ እውን ከሰጉም ክኢሉ።

የግዳስ ጉዕዞ ህዝብን ሃገርን ኩሉ ሳዕ ልሙጽ ኣይኮነን። ብብደሆታት ዝተመልአ እዩ። ሕማቕ ታሪኻዊ ኢጋጥሚ ኮይኑ፡ ድሕሪ 7 ሰለስተ ቅሳነትን ዝሰፈነ ናይ ህንጸትን ምዕባለን ዓመታት፡ ሕማም ምስፍሕፋሕ ግዝኣት ኢትዮጵያ ደጊሱ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ወራር ተኣዊጁ። መንግስቲ ኤርትራ ድማ፡ ምስቲ ዝመጸ ሓድሽ ምዕባለ ዝኸይድ፡ ብቕዓምነት ሃገራዊ ስትራተጂታት ምውጋድ ዝዕላማኡ ውዳበን ኣሰራርሓን ክኽተል ግድን ኮይኑ።

ህዝቢ ኤርትራ ንቕሉዕ ወራርን ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ፡ ጸጥታዊን ቁጠባዊን ሽርሕታትን ክምክት ኣብ ዝተገደደሉ ፈታኒ መድረኽ፡ ጉዕዞ ልምዓቱ ክደስክል ናይ ኩሎም ተጻባእቱ ትጽቢት እኳ እንተነበረ፡ ምስቲ ሓድሽ ዝመጸ ምዕባሌታት ብምትዕጽጻፍ፡ ንህላወኡ ኣብ ዝፈታተነ ከቢድ ጥምጥም እናሃለወ፡ ልምዓታዊ ስርሓቱ ኣየወንዘፈን። ከምቲ ጸላእቲ ዝተመነዩዎ ድማ ጉዕዞ ህንጸት ሃገሩ ደስኪሉ ኣይተረፈን። ኣብዚ ናይ መኸተ መድረኽ፡ ኣብ በበይኑ ከባቢታት ሃገር ዝተተግበሩ ብመጠኑ ርእሰኻ ናይ ምኽኣል መደባት ይኹን ከዘንቲ ማይ ትሕተ-ቅርጺታት ናይ ምውድዳ ስትራተጂያውያን ፕሮጀክትታት፡ ህያው ኣብነታት እዮም።

ዝሓለፍናዮ ተሞክሮ፡ ምስ ግዜን ኩነታትን እናተዓጻጸፍካ መማስ መድረኹ ዝኸውን ውዳበ ምፍጣር፡ ክሳብ ክንደይ ንሓይልን ብቕዓትን ዘዘይድ ምዃኑ ዘረጋግጽ እዩ። ጉዕዞ ሕብረተሰብ ጉዕዞ ቀጻሊ ምምሕያሽን ለውጢን ስለዝኾነ ድማ፡ ኣሰራርሓታት በብግዜኡ እናፈተሽካን እናኸለስካን ምሕያልን ምውርጻጽን ሓደ ካብ ዓበይቲን ወሰንቲን ዕማማት ህንጸት ሃገር ኮይኑ ብቐጻሊ ክሰላሰል ዘለዎ ማስርሕ እዩ። ስለዚ ድማ ትካላት ህዝብን መንግስትን እንተላይ ብሕታውያን ትካላት በዚ መግዛእታት'ዚ እናፈተሽካ በብግዜኡ ዳግመ ክለሳ ምግባርን ናብዚ ደረጃ ብቕዓት'ዚ ዘበጽሕ ስጉምቲታት ምውሳድን ኣገዳሲ እዩ። ሕጂ እውን ሃገራዊ መደባት ልምዓት፡ ብጽፈትን ብዝሓየለ ናህርን ድርኺትን ንምቕጻል፡ ከም'ኡ'ውን ምስ ምስፋሕ ልምዓታዊ ዕማማትን ሓድሽ ቁጠባውን ፖለቲካውን ምዕባሌታትን ንምኻድ ዘኽእል ለውጢን ኣወዳድባን ምግባር ኣገዳሲነቱ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ ኩሎም ትካላት መንግስቲን ግንባርን ክስርሓሉ ዝጸንሐ ቅርጺ፡ ውዳበን ሜላታት ስራሕን ከም'ኡ'ውን ኣመዳድባ ዓቕሚ ሰብ ብወድዓውነት እናገምገምካ ዳግም ናይ ምኽላስን ምውዳብን መደባት ብቐጻሊ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ዝግባእ እዩ።

"ንምምሕያሽ ኩሉ ሳዕ ክፉት ቦታ ኣሎ" ዝበል ኣገላልጻ መርሓ ናይ ትካላት ክኸውን ይግባእ። ምኽንያቱ ኣሰራርሓኡ ዘይፍትሽ ዓሻ ዝተኸሎ ለዐም ኒይኸቅሎ ዝዓይነቱ ግዜ ብዝሓለፈ ኣገባብ ዝሰርሕ ትግሩስ ዘይብሉ ትካል እዩ። ብቕዓት ትካላት ንምምዕባልን ስሉጥን ጽፉፍን ንምግባሩን ዘኽእል ካልእ ኣገዳሲ ረቛሒ ምትእትታው ዘመናዊ ቴክኖሎጂ እዩ። ካብኡ ዝበለጸ ከኣ፡ ሓሳብ፡ ብልሓትን ምህዞን ናይ ሰባት እዩ። ኣብ ገለ ኣብያተ ጽሕፈት፡ ቀደም ግዜ ዝሰርሓሉ ዝበረ ኣገባብ፡ ኣድላይነቱ ከይተገምገመ፡ ንምምሕያሹን ምጽፋፉን ከይተሓሰበ፡ ልምዲ ኮይኑ ሰቅ ኢሉ ይቕጽል ይኸውን። ከምኡ ግን ክኸውን ኣይግባእን። ኀታቲ ኣሰራርሓ ዘወግድ፡ ጽዕት ትካልን ሰራሕተኛታቱን ዘፋኽስ ኣገባብ ንምምጻእ ኣእምሮ ሓለፍቲን ኩሎም ኣብ ኣገልግሎት ህዝቢ ዝተዋፈሩ ሰራሕተኛታትን ብቑጻሊ ክመራመሩን ብልሓታት ክፈጥሩን ኣለዎም። በበግዜኡ ተኣኪቡካ ኣሰራርሓኻ ምግምጋም፡ ኣብ ገምጋምን ውጥንንን ኣሳታፊ ዕድላት ምፍጣር ድማ ዝተፈላለየ ሓሳባት ንምፍልፋል ዝሕግዝ ኣገዳሲ ረቛሒ። ምኽንያቱ ኣብ ግምት ኣትዩ ልዑል ኣተኩሮ ክወሃቦ ይግባእ። ንተሓታትነትን ቁጽጽርን ከም'ኡ'ውን ንምፍልፋል መመሓየሺ ሓሳባት ዝግብእ ቦታን ዕድልን ምሃብ፡ ቀጻልነት ማስርሕ ምምሕያሽ ዘረጋግጽ እዩ። እናሓደርካ ምምሕያሽ ድማ ኣብ ጎደና ምዕባለ ብውሕሉነት ምምራሽ ማለት እዩ።

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ኣገልግሎት ትምህርቲ ኣብ ንእሱ ዞባ ደቡብ ደንካልያ

ስእሊ፡ ኣኽሊሉ ዘርእዝጊ

ነርስ ኣሕመድ መሓመድ ካሳ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ንኡስ ዞባ ኣራዕታ ኰይኑ ዘገልግል ዘሎ'ዩ። ነርስ ኣሕመድ፡ ካብ 2012 ጀሚሩ ኣብ ዝተፈላለዩ ትካላት ጥዕና ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ክሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ደረጃ ትምህርቱ ናብ ዲግሪ ክብ ድሕሪ ምባሉ ድማ፡ ካብ 2023 ጀሚሩ ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ንኡስ ዞባ ኣራዕታ ብምዃን ዝሰርሕ ዘሎ'ዩ። ንሎሚ ኣብ ዓምዲ ልምዓት እምበኣር፡ "ሓፈሻዊ ጥዕናዊ ኣገልግሎት ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ እንታይ ይመስል?" ዝደህሰሰ ጸማቕ ትሕዝቶ ምስኡ ናይ ዘካየድናዮ ቃል-መሕተት ይስዕብ።

ዝርግሐ ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ንኡስ ዞባ ኣራዕታ፡ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ኣዩመን፡ ኣሉቲን እገሮሊን መደበራት ጥዕና፡ ኣብ ጠያ ኮማዊ ሆስፒታል፡ ክልተ ነቓጣ ጥዕና ይርከብ። እታ ኣብ ኣይቶስ ዝተደኰነት መደበር ጥዕና፡ ንኣብ ሰለስተ ምምሕዳራት ከበቢ፡ እታ ኣብ እገሮሊ ዝተደኰነት መደበር ጥዕና ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ክልተ ምምሕዳራት ከበቢ ዝዑበር ህዝቢ፡ እታ ኣብ ኣሉቲ ዝተሃንጸት ድማ፡ ንህዝቢ ዝተረፉ ምምሕዳር ከበቢ ኣገልግሎት ይህቡ።

ኣብ ጠያ ዝተደኰነት ኮማዊት ሆስፒታል፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ንሓሙሽተ ምምሕዳራት ከበቢ ዝዑበር ህዝቢ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ እትህቦ ኣገልግሎት፡ ንዝለዓለ ሕክምናዊ ክንክን ብ'ሪፈር' ካብ መደበራት ጥዕና ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ንዝተላእኩ ሕሙማት፡ ነፍሰ ጾራትን ሓራሳትን ኣገልግሎት ትህብ። መረዳእታ ህዝቢ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣብ መዳይ ጥዕና፡ ዝምስገን ምዃኑ ዝገለጸ'ኳ እንተኾነ፡ ዘሎ ዝርግሐን ስፍሓትን ትካላት ጥዕና ኣብቲ ንኡስ ዞባ ብዝምልከት ግን፡ እኹል ከም ዘይኰነ እዩ ዝገልጽ። ስለ ዝኾነ፡ ምስ ግዜ ኣብ ከበባታት ብሒይታ፡ ዓሲጋላን ዓዳይሉን ተወሲኹ፡ መደበራት ጥዕና ምህናጽ ከም ዘድሊ ትግባረኡ ድማ፡ ቀስ ኢልካ ዝበጽሕ ምዃኑን ይረኣየና። ኣብ ኮማዊ ሆስፒታል ጠያ፡ ደቂሶም ዝሕከሙ፡ መዓልታዊ ተመላለስቲ ዝሕከሙ፡ መዓልታዊ ምርኣይ ሕሙማት፡ ክታበት ኣደን ህጻንን ክፍሊ ንኣልትራ ሳውንድን ካልኦት ንዝተፈላለዩ ሕማማት ዘጽር ምዕቡል ናውቲ ሕክምናን ዘጠቓልል ባብራቶሪ ክትትል ቀደምን ድሕርን ሕርስን ጥንሲን ከም'ኡ'ውን፡ መጸበዪ ነፍሰ ጾራት፡ ወዘተ. ዝኣመሰሉ ብርክት ዝበሉ ኣገልግሎታት ይወሃቡ። መጸበዪ ነፍሰ ጾራት ብዝይካ ኣብ ኮማዊ ሆስፒታል ጠያ ኣብ ኩለን መደበራት ጥዕና ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ምህላወን ነርስ ኣሕመድ ሓቢሩ።

ኣገልግሎት ሽፈነ ክታበትን ክንክን ቅድምን ድሕሪን ሕርስን ኣደታትን ኣብቲ ንኡስ ዞባ ብዝምልከት፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት (2024) ከመይ ነይሩ ንዝቡል፡ ኣብ ክንክን ቅድሚ ሕርሲ 74 ሚእታዊት፡ ሕርሲ ኣደታት ኣብ ትካላት ጥዕና ድማ 48 ሚእታዊት ነይሩ። ሕርሲ ኣደታት ኣብ ትካላት ጥዕና ዝገልጾ ኣሃዝ ትሑት ከም ዘሎ ይረኣየና። እንታይ'ዩ እቲ ምኽንያት እንተ ተባህለ፡ ኣብዚ ብቑዕሚ ደረጃ ዝሰርዐ ምኽንያታት፡ ራሕቂ ቦታ ካብ ትካላት ጥዕናን ንሱ ዝፈጥሮ ጸገም መጓዓዝያ፡ ደረጃ መነባብሮ፡ ከምኡ ድማ ደረጃ ንቕሓት ናይቲ ሕብረተሰብ ምኽንያም ይጥቀሱ። ኣብ ኣከባቢ ትካላት ጥዕና ዝነብራ ኣደታት ግን፡ ወሊዶት እንተ ዘይኮይነን ዳርጋ ኩለን ኣብ ትካላት ጥዕና ከም ዝሓርሳ'ዩ ዝሕበር። ኣገልግሎት ሽፈነ ክታበት ድማ፡ 90 ሚእታዊት ተመዝጊቡ ነይሩ። እዚ ክጥቀስ ዝጸንሐ ኣገልግሎታት ምስ ህላወ መጓዓዝያ ኣተኣሳሲርካ ዝርኣ፡ ክብሪ ለጠቐን ዝረኣየሉ'ዩ። መጓዓዝያ እንተሎ ዝውሃብ ኣገልግሎት ክታበት ይብርኽ፡ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ክጸግም እንከሎ ድማ፡ እቲ ምጣኔ ይጎድል። በዚ መሰረት ቀድሚ ሕጂ እዚ ዝተጠቕሰ ኣሃዝ ኣብ ገለ እዋን ካብ 90 ክሳብ 98 ሚእታዊት ዝበጽሓሉ እዋን እውን'ኮ ነይሩ'ዩ። ናብዚ ደረጃ'ዚ ክብርኽ ዝኸኣለ ኸኣ፡ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ስለ ዝነበረ'ዩ። ስለዚ እኹል ኣገልግሎት መጓዓዝያ ድሌትካ ናይ ምምጻእ ሓይሉ ክሳብ ክንዲ ምንታይ ምዃኑ ይንጸረልና።

ብሓፈሻኡ፡ ዝሰፍሐ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ዝውሃብ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ህዝቢ ብጾዕቂ ናብ ዘለዎ ቦታታት እግሪ ሓዊስካ ዝወሃብ'ዩ። ኣብ ከም መደበራት ጥዕና ኣዩመንን እገሮሊን መኪና ዘይኣትወሉ መንገዲ ክልተ መዓልቲ ብእግሪ ተጓዒዝካ ዝበጽሑ ከበባታት፡ እቲ ኣብኡ ክወሃብ ዝድለ ክታበት (ቈልዑ፡ ኣደን ህጻንን) ዝወጽኡ ሕክምናዊ ኣገልግሎታትን ይኸዱ ጥዕናዊ ጠቐስ ገብሮሶት፡ መንገዲ መዓልታት ገመል ጸዒንካ ብእግሪ እናተጓዓዝካ'ዩ ዝወሃብን ዝቐድንን።

ጉንፋዕን ኒሞንያን ዝኣመሰሉ ምስ ወቕቲ ተዛሚዶም ብተደጋጋሚ ዝረኣዩ እንተ ዘይኲይናም፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣራዕታ እዚ ዓይነት ኣሎ ተባሂሉ ብፍሉይ ዝጥቀስ ሕማም የለን። ሕዱራት ሕማማት ሽኮርያ፡ ጸቕጢ ደም፡ ሕማም ልቢ፡ ወዘተ. ካብ ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ግን ኣለዉ። ንዕኦም መከታተሊ ተባሂሉ፡ ኣብ ኩለን ትካላት ጥዕና ናይቲ ንኡስ ዞባ በይናም ዝረኣዩሉም ክፍሊታት ኣለዎም። ካልእ ከም ክስተት ዘስከፍ ኣይኹን'ምበር ተርእዮ ሕማም ዓባይ ሰዓል እውን ኣሎ። ኣገልግሎት ሕክምና ዓይኒን ስኒን እውን፡ ካብ ዞባ ብዝለኣኹ ክኢላታት ናይቲ ዓውዲ ኣብልካ ናብ ኩሉ ከበባታት ናይቲ ንኡስ ዞባ ዑደት ብምግባር፡ ኣገልግሎታት ይወሃቡ። ከኒታት ሕማማት ዓይኒን ስኒን ኣብ መውዳእታ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ንምፍላጥ፡ ዓሚ ከምዚሉም ዳህሳስ ኣብ መላእ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ተኻይዱ ነይሩ። መጥባሕቲ የድልዮም ተባሂሎም ዝተለለዩ ሕሙማት ድማ፡ ናብ ዓሰብ ከይዶም ሕክምናዊ ኣገልግሎት ከም ዝረኽቡ ክግበር ጸኒሑን ኣሎ።

ኣብቲ ንኡስ ዞባ፡ ንመጓዓዝያ ነፍሰ ጾራትን ሓራሳትን ሕሙማትን ካብን ናብን ትካላት ጥዕናን ህዝቢ ዝዑበሮም ከበባታትን ከምኡ ድማ ናብ ዝለዓለ ሕክምናዊ ረድኤት ዘመላልሳ እኹላት ዝተመደባ ኣምቡላንሳት ክህልዋ ትጸበ። ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣ ዝሰፍሐ መሬት ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ኸቢታትን ስንጭሮታትን ዝጠዝሉ ብምኻኑ ብምስታኹ ምንቅስቓስ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ጸገም ክህሉ ከም ዝኽእል ትግምት። ሓቲትና ዝረኸብናዮ መልሲ ድማ፡ ብኣጋኡ ካብ ዝገመትናዮ ዝወጸእ ኣይነበረን። ኣብ መላእ ናይቲ ንኡስ ዞባ ክልተ ኣምቡላንሳት ጥራይ ምህላወን ደማ'ዩ ተሓቢሩና። እታ ሓንቲ ኣብ ማእከላይ ቦታ ኣብ ኮማዊ ሆስፒታል ጠያ፡ እታ ካልኣይቲ ድማ ከከም ኣድላይነቱ ናብ መደበራት ጥዕና ናይቲ ንኡስ ዞባ እናተንቀሳቐሰት ኣገልግሎት ዝህባ'የን። ኣብዚ ግዜ'ዚ ሓንቲ ካብኣን ኣብዚ ኣብ ስራሕ የላን። ተበላሺያ ንኽትጽገን ድማ፡ ናብ ኣስመራ ተላኢኻ ኣላ። ንሳ ክሳብ ትመጽእ ንዕኣ ተኪኣ እተገልግል ካብ ዓሰብ ዝተላእከት መኪና፡ ኑቲ ዝጸንሐ ዝተሰምደ ሕሙማት ኩነ ነፍሰ ጾራት ካብን ናብን ትካላት ጥዕና ናይ ምምልላስ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ደማ ትርከብ። ኣብዚ ዘኸነ ብልሽት ኣምቡላንስ ኣብ ዘጋጥመሉ ንዓማት ኣምቡላንሳት ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ተኪኣ ሕሙማት፡ ሓራሳትን ነፍሰጾራትን ካብን ናብን ትካላት ጥዕና ኣብ ምምልላስ መኪና ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ዕዙዝ ግደ ከም ዘለዋ ገሊጹልና። እናሓንሳእ እታ መኪና ስራሕ ክበዝሓ እንከሎ፡ ኣብቲ ማስመር ካብ ዝንቀሳቐሳ ዝኾኑት መኪና ደው ብምባል፡ ሓገዝ ከም ዝሕተት ይገልጽ። ከምኡ ገይርካ ምስ ዘይሰልጥ ግን፡ ናብ ዓሰብ መልእኽቲ ብምስዳድ ሓገዝ መኪና ዝሕተተሉም እዋናት ምህላዎም በሪሁ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣራዕታ፡ ከም ካልኣይ ብድሆ ዝጥቀስ፡ ቦታ ካብን ናብን መደበራት ጥዕናን ኮማዊ ሆስፒታል ጠያን ከምኡ ድማ ዞባዊ መወከሲ ሆስፒታል ዓሰብ ዘሎ ርሕቀት እዩ። ሓደ ኣብነት ናይዚ፡ ካብ ኣዩመን ናብ ጠያ ንዚያዳ ሕክምና ንዝተላእከ ሕሙም 120 ኪ.ሜ ክጓዓዝ የድልዮ። መጥባሕቲ ዘድልዮ ምስ ዝኸውን ናብ ዓሰብ ክለኣኽ ናይ ኣስታት 320 ኪ.ሜ መንገዲ ይጸበዮ። እዚ ማለት ካብ ኣዩመን ተበጊሱ ዓሰብ ክኣቱ፡ ኣስታት 450 ኪ.ሜ ክጎዓዝ ኣለዎ። እዚ ከይኣክል ጽርግያ'ውን፡ እቲ ካልእ ሸንኽ ኣካል ናይቲ ጸገም ኩይኑ ብሕልፊ ማይ ኣብ ዝወቕዓሉ ግዜ፡ ጽርግያ ብውሕጅ ስለ ዝፈሓፍር'ሞ ታኼላ ፈጢሩ ንኽትጎዓዝሉ ዘይምቹእን ሓርጎጽጎጽ ዝዀበለሎን ይኸውን። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ብመኪና ክትጎዓዝ ስለ ዘይትተባብዕ፡ ሕሙም ናይ ምምልላስ ጉዕዞ ብሰኸም ሰብ ክትካእ ግድነት ይኸውን። እዚ ድማ፡ ኣሳልጦ ዘለዎ ብዘይምዃኑ፡ ሕሙም ኣብ ሕክምና በጺሑ ኣብ እዋኑ ቅልጡፍ ረድኤት ክረክብ ዘኽእሎ ኣይኮነን። ኣገልግሎት ኤለክትሪክ'ውን ብፍላይ ኣብ ሆስፒታል ጠያ ኣሎ። እዚ ብሶሪ ዘይምህላው፡ ሓይሊ ኤለክትሪክ ተጠቒምካ ክንጽሩ ዝግባኦም ሕማማት ኣብ ምስላጥ ጥራይ ዘይኮኑ፡ ብፀብኡ እቲ መመርመሪ መዙሓሊ'ውን ስለ ዘድልዮ፡ ውሑስ ጸዓት ዘይምህላው፡ ናብ ዓሰብ ልኢኽካ መልሲ ምጽባይ ክኸይድ ጸኒሑን ኣሎ። ከምኡ ምግባር መልሲ ኣብ ምሃብ ግዜ ስለ ዝወስድ ግዱ ጉዳይ ኤለክትሪክ ኣብ ምፍታሕ ዝምልከቶ ኣቓልቦ ሂቡ ግደኡ ክጻወት ነርስ ኣሕመድ ተላቢዩ።





ነርስ ኣሕመድ መሓመድ ካሳ

ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ኩለን ትካላት ጥዕና ንኡስ ዞባ ኣራዕታ፡ ነርሳት፡ ተሓጋገዝቲ ነርሳት፡ ከምኡ ድማ መሕረስቲ ዝርከብዎም ኣስታት 50 ሓካይም ክህልዉ እንከለዉ፡ 31 ካብዚኦም ኣብ ኮማዊ ሆስፒታል ጠያ 31 ኣብ ምግልጋል ዘለዉ እዮም። እዚ ቍጽሪ ምስ ተገልገልቲ ህዝቢ ናይዚ ንኡስ ዞባ ብምንጽጻር፡ ዓመት መጸ ካልኦት ሓደስቲ ሞያውያን ስለ ዝምደቡዎ እኹል ምዃኑ ይሕበር። ብዘይካ'ዚ፡ ተገለሉ ኣብ ርሑቕ ከበባታት ናይቲ ንኡስ ዞባ ንኣብነት ኣብ ከም ብዓል ዓሲጋ፡ ዓመርቲን ስበትለን ዝኣመሰሉ ኣብ ዶብ ዝርከቡ መደበር ጥዕና ዘይብሉ ኣብ በረኻታት ንዝዑበር ህዝቢ፡ ዓቕሞም ዘፍቅደሎም ቀዳማይ ረድኤት ሕክምናዊ ኣገልግሎት ዝህቡን ልዕሊ ዓቕሞም ዝኾነ ሕሙም ድማ ናብ መደበራት ጥዕና ዝልእኹን ዘካይድዎ ንጥፈታት ወርሓዊ ጸብጻቦም ድማ ናብ ጨንፈር ጥዕና ናይቲ ንኡስ ዞባ እናለኣኹ ዘገልግሉ 10 ዓዳውያን ሓካይም'ውን ኣለዉ።

ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ንኡስ ዞባ ኣራዕታ፡ ነርስ ኣሕመድ መሓመድ ካሳ ኣብ መወዳእታ፡ ህዝቢ ብመንገዲ ሞያውያን ኣንጻር ዝተፈላለዩ ሕማማት ብመልክዕ ገሰጋሶት ኩሉ ኣስተምህሮታትን ዝወሃቦ ሓበሬታታት ተኸታቲሉ ኣብ ግብሪ ናይ ምውዓል ሓላፍነቱ ክዋጻእን ጥዕናኡ ባዕሉ ክሕሉን ንቕሓቱ ክበርኽ፡ ዝኾነ ሰብ ልዕሊ 40 ዓመት ዝዕድመኡ ድማ፡ ኩነታት ጥዕናኡ ናይ ሽኮርያ፡ ጸቕጢ ደም፡ ወዘተ. ንምክትታልን ንምፍላጥን ናብ ትካላት ጥዕና እናተመላለሰ ክረጋገጽ ተላብዩ።

ኣራዕታ ኣስታት 24,670 ህዝቢ ዝዑበሮ ሓደ ካብ ንኡሳን ዞባታት ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ እዩ።



ኮማዊ ሆስፒታል ጠያ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## “ኩልና ኣንነተኛታት ኢና ነይርና” ጀራርድ

ስቲቨን ጀራርድ፡ ንሱ ዝነበሮ ናይ ቅድም ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ዓወታት ዘየምጸኣትሉ ምኽንያት፡ ኩሉም ተጻወትቲ ኣንነት ስለዝነበሮም ምዃኑ ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ተዛሪቡ።

ኣብዚ እዋን ወዲ 45 ዓመት ዝኾነ ጀራርድ፡ ካብ 2000 ክሳብ 2014 ኣብ 114 ግጥሚት ንሃገሩ ወኪሉዋ እዩ። እዚ ናይ ቅድም ኣከፋፋሊ፡ ኣባል ናይ'ቶም 'ወርቃዊ ወለዶ' ዝጸውዑ ዝነበሩ ከዋኽብቲ ተጻወትቲ እኳ እንተነበረ፡ ንሃገርም ግና ክጻወ ርብዒ ፍጻመ ዋንጫ ዓለምን ኤውሮጳን ከብጽሕዋ ኣይከኣሉን።

ጀራርድ፡ ብዘዕባ እዋን ምስ ወዲ ጋንታኡ ዝነበረ ሪዮ ፈርዲናንድ ኣብ ዝዘራረብሉ መደብ፡ ኣብ ወሸጢ'ታ ብ 'ስለስተ ኣናብስ' እትጽዋዕ ሃገራዊት ጋንታ ዝነበረ ባህሊ ጠንቂ ውድቀቶም ምዃኑ ወቒሱ። ኣብቲ እዋን፡ ኣብ መንቸስተር ዩናይትድ፡ ሊቨርፑልን ቸልሲን ዝነበረ ምትህልላኽ፡ ኑቶም ተጻወትቲ ኣብ ሃገራዊት ጋንታኦም ምስ ተጠርነፉ ክሰምሩ ከምዘይሕግዞም ዝነበረ እዩም - እዞም ናይ ቅድም ተጻወትቲ ማን ዩናይትድን ሊቨርፑልን ዝነበሩ ፈርዲናንድን ጀራርድን ዝሰማምዑ።

“ከም ሓሳበይ ኣብታ ሃገራዊት ጋንታ ዓቢ ጸገም ነይሩና። ከም ዝመስለኒ ኩልና ኣንነት ዝነበረና ተሰዓርቲ ኢና ነይርና።” ዝበለ ጀራርድ፡ “ምኽንያቱ ኣብዚ እዋን ኣብ ተለቪዥን ክዕዘብ እንከለኹ፡ ጄሚ ካራገር (ናይ ሊቨርፑል ተጻዋታይ ዝነበረ) ኣብ ጎድኒ ፖልን ጋሪ ነቪልን (ተጻወትቲ ማን ዩናይትድ ዝነበሩ) ኮፍ ኢሉ ጸወታ ክትንትኑ እንከለው፡ ከምዚ ን20 ዓመታት ኣዕሩኽ ዝነበሩ እዮም ዝመስሉ። ምናልባት ኣነ'ውን ምሳኣ ካብቲ ብዛዕባ ን15 ዓመታት ዝተጻወትናሉ እዋን ሎሚ ዝያዳ ቅርበትን ምሕዝነትን ኣሎና።” ኢሉ።

ንሱ ቀጺሉ፡ “ስለምንታይ ደኣ ኣብቲ ደቂ 20ታት ኮይንና ኣብ ሃገራውት ጋንታ እንግሊዝ ደቂ ጋንታ ዝነበርናሉ እዋን ዘይንቀራረብ ነይርና? ኣንነት ደዩ ወላስ ምትህልላኽ? ከም ዝመስለኒ፡ ኣብታ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ዝነበረ ባህሊ እዩ ብፍጹም ከምዘይንቀራረብ ገይሩና። ኣዕሩኽ ኣይነበርናን ዝምድና ኣይነበረናን፡ ከም ጋንታ ኣይነበርናን። በዚ ድማ ኢና፡ ኣብ ዝኾነ መድረኽ ብፍጹም ሓያል ጋንታ ዘይመሰረትና።” ክብል ጠንቂ ውድቀቶም ገሊጹ። ንሃገሩ ክውክላ ደስ ይብሎ እኳ እንተነበረ፡ ብሰንኪ ዝነበረ ሃዋህው ግና፡ ኣዓላ ክኸውን ይጸልእ ምንባሩ'ውን ተኣሚኑ።

ብዘይካ'ዚ፡ ንሃገሩ 38 ግጥሚት ከም ሓላፊ ጋንታ ዝመርሓ ጀራርድ፡ ካብ 2016 ክሳብ 2024 ነዛ ጋንታ ዝኣለየ ጋረዝ ሳውዝጌት፡ ኣብ ግዜኡም



ዘይነበረ ዝተመሓየሸ ባህሊን ከባቢን ከምዝሃነጸ ብምግላጽ ኣድኒቐዎ። እዚ እንግሊዛዊ ዓለሚ፡ ነዛ ሃገራዊት ጋንታ፡ ኣብ 2021ን 2024ን ኣብ ፍጻመ ጸወታ ዋንጫ ኤውሮጳ ኣብጺሑዋ እዩ፣ ብቕድም ተኸቲሉ ብኢጣልያን እስጳኛን ተረቲዑ ግና፡ ብሩር መዳልያ ኣንጠልጢሉ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2022 ክሳብ ርብዒ ፍጻመ በጺሑ።

ኣብዚ እዋን ብቶማስ ቱቸል ትዕለም ዘላ እንግሊዝ ሎሚ ኣንጻር ዌልስ ናብ ምሕዝኦት ጸወታ ድሕሪ ምኪያዳ ዝመጽእ ሰሉስ 14 ጥቅምቲ ንላቲቪያ ክትገጥማ እያ - ኣብ መጻረዪ ጸወታ ዋንጫ ዓለም 2026።

## “ረምኮ፡ ኣብ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር ንፖጋቻ ክመዓራረዮ ይኽእል እዩ” ዳይረክተር ሪድ ቡል

ዳይሬክተር ስፖርት ክለብ ቅድድም ብሽክሊታ ሬድ ቡል ዝኾነ ስቨን ቫንቱሁሩሃውት፡ “ረምኮ፡ ኣብ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር ንፖጋቻ ክመዓራረዮ ይኽእል እዩ” ኢሉ።



ረምኮ ኢቨነፖል፡ ኣብዚን ተረፈን ዘሎዋ ኣዋርሕ ምስ ክለብ ሶዳል ኩዊክስቴፕ ድሕሪ ምጽዋት፡ ካብ ዝመጽእ ዓመት 2026 ጀሚሩ፡ ምስ ረድ ቡል ቦራ-ሃንግሮ እዩ ክጻወት። እዚ ቤልጃዩማዊ ተቐዳዳማይ፡ ሓደ ካብቶም ንታደይ ፖጋቻ ክመዓራረዩዎ ዝኽእሉ ተቐዳደምቲ ምዃኑ ይግለጽ።

ፖጋቻ፡ ካብ ዝሓለፉ ዓመታት ጀሚሩ፡ ንቅድድም ብሽክሊታ ዓለም ዓብሊልዎ ይርከብ። እዚ ዘይልከፍ ስሎቬንያዊ ተቐዳዳማይ፡ ኑቶም ብዙሒ መድረኻት ዘለዎም ከም ዙር ፈረንሳ ዝኣመሰሉ ውድድራት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ናይ ሓደ መዓልቲ ጸወታታትን ብምዕዋት፡ ንመወዳድርቱ 'ሕማም መርዘን' ኮይኑዎም ኣሎ።

ኣብ ኩዊክስቴፕ ኮይኑ ንዕብላለ ፖጋቻ ክጻወሮ ዘይከኣለ ረምኮ፡ ምስ ረድ ቡል ተጸምቢሩ ፍልልይ ክጽብብ ተዳልዩ ምህላዉ እዩ ዝሕበር።

ብተመሳሳሊ፡ ከም ረምኮ ካብ ዝመጽእ ዓመት ጀሚሩ ዳይሬክተር ስፖርት ረድ ቡል ዝኸውን ስቨን ድማ፡ ረምኮ፡ እንተወሓደ ኣብ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድራት ማዕረ ፖጋቻ ክኸውን ከምዝኽእል እዩ ዝኣምን፡ “ኣብቶም ናይ መድረኽ ውድድራት ኣይብልኩን። ምኽንያቱ፡ ፖጋቻ፡ ኣብ ነዋሕቲ ዓቐብታት ካብ መጠን ንላዕሊ እዩ ፍሉይ። እንተኾነ፡ ኣብቶም ካልኦት መዳያት ረምኮ ክመዓራረዮ ይኽእል እዩ።” ኢሉ።

ብዘይካ'ዚ፡ ምስ ረምኮ እቲ ስራሕ ከምዝጀመርዎ ዝገለጸ ስቨን፡ “ናይ ፖጋቻ ዓቕሚ፡ ገለ ክፋሉ ተውህቦ እዩ። ኩሉ ግዜ ክትለማመዶ ዘይትኽእል ተውህቦ ተዓዲሉ እዩ። እንተኾነ፡ ረምኮ፡ ገና ኣብቲ ጥርዚ ምዕባለኡ ከምዘይበጽሐ የእሚኖ እዩ። ስለዚ ብኣመጋግባን ልምምድን ቁመናኡ ብምዕባይ መሳሰል ክሓክር ይኽእል እዩ።” ኢሉ።

ረምኮ'ውን ድሕሪት ዝሓለፈ ሰንበት ብፖጋቻ ኣብ ሻምፕዮን ኤውሮጳ ምርታዑ፡ ኣበይ ክመሓየሽ ከምዝለዎ ፈሊጡ ምህላዉ ተዛሪቡ ነይሩ። እዚ ቤልጃዩማዊ “ኣብ መጺኢ ንፖጋቻ ክስዕሮ እንተኾይኑ፡ ኣብቶም ካብ ሰለስተ ክሳብ ሓሙሽተ ደቓይቕ ዝወስዱ ተረርቲ ዓቐብታት ዝያዳ ክመሓየሽ ኣለና። ዝ. ብኸመይ ይመጽእ ድማ፡ ኣባላት ስታፍን ኣሰልጠንቲን ክፈልጥዎ ኣለዎም።” ኢሉ ነይሩ።

ናይ 2024ን 2025ን ዕወት ዙር ፈረንሳ ዝኾነ ፖጋቻ፡ ኣብዚን ዝሓለፉ ክልተ ሰሙናት ንረምኮ ረቲዑ ሻምፕዮን ዓለምን ኤውሮጳ ኮይኑ እዩ። እዚ ኣብ ጥርዚ ብቕዓት ዘሎ ወዲ 27 ዓመት ኮኾብ ተቐዳዳማይ፡ ካብ ነዊሕ ከሎሜተራት ጀሚሩ ብዘይቡሮ መጥቃዕቲ እዩ ንመወዳድርቱ ዝረትዖም ዘሎ። በዚ ድማ፡ ብዘርእዮ ዘሎ ተኣምር ቁመናኡ፡ ብዙተፈላለዩ ኣርእስቲ ወርትዕ ዛዕባ ምስ ኮነ እዩ።

ረምኮን ፖጋቻን ቀዳም 11 ጥቅምቲ፡ ኣብ ኢጣልያ ኣብ ሓደ ካብ ዝበርትዑ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር 'ሎምባርዲያ' ክራኸቡ እዮም። ፖጋቻ፡ ናይ ዝሓለፉ ኣርባዕተ ዓመታት ዕወት ናይዚ ሓደ ካብቶም ሓሙሽተ ናይ 'ሞኑመንት' ውድድራት እዩ። ኣርባዕተ ሳዕ ዝተወዳደረሉን ዓሚ ድሕሪኡ ዝወጸን ረምኮ ግና፡ ተዓዊቱሉ ኣይፈልጥን።

## ዜና ብሓጺሩ

* ባርሴሎና፡ ሓደ ካብ ኣገደስቲ ተጻወትታ ንዝኾነ ላሚን ያማል፡ ኣብቲ 26 ጥቅምቲ ኣንጻር ሬያል ማድሪድ ዘለዋ ናይ 'ኢል ክላሲኮ' መታን ክትጥቀመሉ፡ ንብይኑ ኣብ ልምምድ ጸሚዳ ምስ ግዜ ትቀዳደም ኣላ።


እዚ ወዲ 18 ዓመት ናብ ክንፊ ኣጥቃዓይ፡ ኣብቲ ብፒኤስጂ 2-ብ1 ዝተሳዕሩሉ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ጸወታ እዩ ኣቐዲሙ ዘይምቹእነት ኣብ ዝሰምዖ ዝነበረ ፍረ ኑብሱ መጒዳእቲ ገጢምዎ።

ብመሰረት ጋዜጣ ማርካ ድማ፡ ጽቡቕ ምዕባለ ኣርእዩ ብምህላዉ፡ ነቲ ወሳኒ ጸወታ ድሉው ክኸውን እዩ።

* ባርሴሎናን ሬያል ማድሪድን፡ ኣብ ክረምቲ 2026 'ውዕል ኣልቦ' ንዝኸውን ተኸላኻላይ ክሪስታል ፓላስ ማርክ ጉሂ ንምፍራም ብኢጋኡ ኣብ ውድድር ኣትየን ምህላወን - ጋዜጣ ስካይ ሓቢሩ።

ጉሂ፡ ዝሓለፈ 1 መስከረም ኣብ ዝተዓጽወ መስኮት ምስግጋር፡ ናብ ሊቨርፑል ክስጋገር ኣብ ድርኮኹት በጺሑ፡ ክለቡ ሓሳብ ብምቕያራ ምምላሱ ይዝከር።

## ሁይሰን፡ ካብ ሃገራዊት ጋንታኡ ተኣልዩ



እስጳኛዊ ተኸላኻላይ - ዲን ሁይሰን፡ ብሰንኪ ዘጋጠሞ ናይ ጭዋዳ መጉዳእቲ፡ ሃገሩ ኣንጻር ጆርጂያን ቡልጋሪያን ካብ እተካይዶም መጻረዪ ግጥሚት ዋንጫ ዓለም 2026 ተኣልዩ።

ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ እስጳኛ ትማሊ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ “ሁይሰን' ወላ'ኳ ሱሩይ ናብ መለማመዲ መዓስከር እንተመጸ፡ ምልክታት ምድኻም ጭዋዳ ብምርኣዩ ግና፡ ሰሉስ ልምምድ ኣይገበረን። ረቡዕ ድሕሪ ዝተገብረሉ መርመራ ድማ፡ ኣብ ጸጋመይቲ እግሩ ናይ ጭዋዳ መጉዳእቲ ገይሩ ጸኒሑ። በዚ ድማ፡ ካብታ ጋንታ ተኣልዩ።” ብምባል፡ ቅልጡፍ ሕወየት ተመንዩሉ።

እዛ ሃገራዊት ጋንታ፡ ንቦታ ሁይሰን ንምትካእ፡ ንምኩር ተኸላኻላይ ክለብ ኣትሌቲኮ በልባኦ ኣምሪክ ላፖርት ጸምቢራቶ ኣላ።

እስጳኛ፡ ድሕሪ ጸባሕ ንጆርጂያ፡ ሰሉስ ከኣ፡ ንቡልጋሪያ ናብ ሃገራ ዓዲማ ክትጋጠመን እያ።

መጉዳእቲ ናይዚ ወዲ 20 ዓመት ተጻዋታይ ሪያል ማድሪድ፡ እንተበዝሐ ክሳዕ ክልተ ሰሙናት ካብ ጸወታ ክኣልዮ ይግመት። ማድሪድ፡ ድሕሪ ኣህጉራዊ ግጥሚት ኣብ ላ'ሊጋ ንገታፈ ኣብ እትዕድመሉ ጸወታ ድማ ክበኩር እዩ። 26 ጥቅምቲ ግና፡ ንወሳኒ ጸወታ 'ኤል ክላሲኮ' ኣንጻር ባርሴሎና ድሉው ክኸውን ትጽቢት ይግበረሉ።

## ሀንደርሶን፡ ድሕሪ ካብ ሊቨርፑል ምፍናዉ . . .



ሀንደርሰን፡ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ምስ ኣል ኢቲፋቅ እንከሎ

እንግሊዛዊ ተጻዋታይ - ጆርዳን ሀንደርሶን፡ ናብ ስዑዲ ዓረብ ንምስግጋር ክብል ካብ ሊቨርፑል ድሕሪ ምፍናዉ፡ “ከቢድ እዋናት” ከምዝሕለፈ ገሊጹ።

ኣብ ክረምቲ 2023 ናብ ስዑዲዊት ክለብ ኣል-ኢቲፋቅ ዝተሰጋገረ ሀንደርሶን፡ ድሕሪ ሽዱሽተ ኣዋርሕ እዩ፡ ናብ ሆላንዳዊት ክለብ ኣያክስ ተጸምቢሩ። ዝሓለፈ ክረምቲ ድማ፡ ናብ እንግሊዛዊት ክለብ ብረንትፎርድ ተሰጋጊሩ።

እዚ ወዲ 35 ዓመት ኣከፋፋሊ፡ ኣብ የሮ 2024 ንምጽዋት ጻውዒት ናይቲ እዋን ዓላሚ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ዝነበረ ጋረዝ ሳውዝጌት ኣይረኸበን። ናብ ፕሪመር ሊግ ድሕሪ ምምላሱ ግና፡ ዳግማይ ጻውዒት ናይታ ብቶማስ ቱቸል እትዕለም ዘላ ጋንታ ረኺቡ ኣሎ።

ንሱ ግና፡ “ጻውዒት ዘይረኸብኩሉ ምኽንያት፡ ናብ ስዑድያ ስለዝኸድኩ ኣይመስለንን።” ኢሉ። “ክሕሱ ኣይደልየን እየ፣ ካብ ሊቨርፑል ምስ ወጻእኩ፡ ኣብዘን ዝሓለፉ ዓመታት ከቢድ እዋናት ኣጋጢሙኒ እዩ። ብርግጽ ፍጹም ኣይተገንዘቡን ከም ሰብ ጌጋታት ፈጺመ እየ ኣብ ዝሓለፈ። ሕጂ'ውን ከህልወኒ እዩ። እንተኾነ፡ ክንብሮም ዝፈተንኩ ነገራት ቅኑዓት ጥራይ እየም።” ኢሉ።

## መደብ ጸወታ

### ሎሚ

ናይ ሃገራት ኤውሮጳ መጻረዪ ዋንጫ ዓለም 2026

ማልታ - ሆላንድ

ቸክ ሪፓብሊክ - ክሮኤሽያ

ቤላሩስ - ደንማርክ

ኩሉ 9:45 ድ.ቀ እዩ

# ዜና ዓለም

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ቀዳመይቲ ሚኒስተር ኢጣልያ ክሲ ቀሪቡላ

እስራኤል ንወሽመጥ ቓዛ ትድኅብድኅብ ኣብ ዘሎትሉ ግዜ፡ "ኢጣልያ ንእስራኤል ብምድጋፍ ኣብ ምጽኣይ ፍልስጤማውያን ትተሓባበር ኣላ" ተባሂላ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ናይታ ሃገር ጆርጅያ ሜሎኒ ብዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበን ከም ዝተኸሰሰት ተገሊጹ።

ብዘወሰኸ፡ ሚኒስተር ምክልኻል ጓይዶ ክሮሴቶን ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣንቶንዮ ታጃኒን እውን በቲ ቤት ፍርዲ ተኸሲሶም ምህላዎም እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

መንግስቲ ኢጣልያ፡ ኣዕናዊ ኣጽዋር ናብ እስራኤል ብምልኣኽ ኣብቲ ኣብ ልዕሊ ፍልስጤማውያን ዝፍጸም ዘሎ ጨፍጫፍን ገበናት ኲናትን ቀንዲ ተሓባባሪ ኮይኑ ከም ዘሎ'ዩ እቲ ቤት ፍርዲ ዘመልከት ዘሎ።

ተጣበቕቲ ፍልስጤም፡ እቲ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ኣብ ልዕሊ ቀዳመይቲ



ሚኒስተር ኢጣልያ ብዘቐረቦ ክሲ ምጽናት ዓሌት፡ ወግዓዊ መርመራ ክጅምር ይጽውዑ ከም ዘለው፡ ኣጃንስ ፍራንስ ፕረስ ጸብጺቡ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ብፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ዝቐረበ 20 ነጥብታት ዝሓዘ እማመ ሰላም ንምትግባር፡ ኣብ መንጎ ወከልቲ ሓማስን እስራኤልን ኣብ ግብጺ ዘይቀጥታዊ ዝርርብ ይካየድ ከም ዘሎ ተገሊጹ።

እቲ ዝካየድ ዘሎ ዝርርብ እንተ ዘይተዓዊቱ፡ ሳዕቤኑ ከቢድ ክኸውን ከም ዝኽእል እየም ተንተንቲ ፖለቲካ ዘረድኡ።

## "ቶማሃውክስ ሚሳይል ንሩስያ ጸቕጢ ክፈጥረላ'ዩ" ዩክሬን



ዩክሬን 'ቶማሃውክስ' ዝተሰመየ ናይ ነዊሕ ርሕቀት ሚሳይል ኣመሪካ ተጠቒማ ንሩስያ ጸቕጢ ክትፈጥረላን ናብ መኣዲ ሰላም ክተምጽኣን ከም እትኽእል፡ ሰበ ስልጣን ናይታ ሃገር ሓቢሮም።

ዝሓለፈ መስከረም፡ ምክትል ፕረዚደንት ኣመሪካ ጄ.ዲ.ቫንስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ምምሕዳር ትራምፕ፡ እቲ ነፍሲ ወከፉ ዋጋ 1.3 ሚልዮን ዶላር ዝግመትን ን2,500 ኪሎ ሜተር ዝውንጨፍን ዝተራቐቐ ሚሳይላት ንኪየቭ ክሰኣኸላ ይሓስብ ከም ዘሎ ገሊጹ ምንባሩ ኣይርሳዕን። ዩክሬን እቲ ሚሳይላት ኣብ ኢዳ እንተ ኣትዩ፡ ኣብ ከተማ ሞስኮን ከባቢኡን ንዝርከብ ዝተፈላለየ ዕላማታት ሩስያ ብቐሊሉ ክትወቕዕ ከም ዘኽእላ'የም ወተሃደራውያን ክኢላታት ዘመልክቱ።

ፕረዚደንት ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን ግን፡ ኣመሪካ ንዩክሬን ቶማሃውክስ ሚሳይል ምስ ትልእኽላ፡ ኣብ ዝምድና ዋሽንግተንን ሞስኮን ዓቢ ጸገም ክስዕብ ከም ዝኽእል ኣጠንቂቑ።

ንሱ ወሲኹ፡ ኪየቭ ነቲ "ዝተራቐቐ" ዝበሎ ሚሳይል ብዘይ ቀጥታዊ ተሳትፎ ወተሃደራት ኣመሪካ ባዕላ ክትጥቀመሉ ዓቕሚ ከም ዘይብላ'ውን ኣገንዚቡ።

## "ማክሮን ካብ ስልጣኑ ክወርድ ኣለዎ" ነበር ቀ/ሚ/ፈረንሳ

ቀዳማይ ሚኒስተር ፈረንሳ ዝነበረ ኤድዋርድ ፊሊፕ፡ ፕረዚደንት ኢማኑኤል ማክሮን ካብ ስልጣኑ ክወርድ ጸዊዑ።

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ነበር ነዚ ጻውዒት ዘቕረበ ዘሎ፡ ኣብታ ሃገር ዝኸፍአ ፖለቲካዊ ቅልውላው ኣብ ዝረኣየሉ ዘሎ እዋን እዩ።

ዝሓለፈ ሰኑይ ካብ ስልጣኑ ዝወረደ ቀዳማይ ሚኒስተር ሰባስቲያን ለኮርኑ፡ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት መበል ሓሙሻይ ካብ ስልጣኑ ዝወረደ ብዓል ስልጣን ክኸውን ብምኽኣሉ ብዙሕ ክዛረብ'ዩ ቀንዩ።

ኢማኑኤል ማክሮን ኣብ 2017 ናብ ስልጣን ካብ ዝመጽእ ንደሓር፡ ስልጣን ቀዳማይ ሚኒስተር ሒዞም ዝነበሩ 7 ፖለቲከኛታት ብዘይ ፍቓደም ካብ ስልጣኖም ከም ዝወረዱ'ዩ ዝግለጽ።

ባይቶ ፈረንሳ፡ ነቲ እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ መጠን ዕዳ ናይታ ሃገር ንምንካይ



ዝሕግዘ ሓድሽ ባጀት ኣብ ምጽዳቕ ክሰማማዕ ከም ዘይከኣለ'ዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ፕረዚደንት ማክሮን እቲ ባጀት ምስ ጸደቐ ካብ ስልጣኑ ክእለ ኣቐዲሙ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ክእውጅን ከም ዘለዎ ድማ፡ እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ነበር ብሰለስ 'ኣርቲኤል' ንዝተባህለት ሬድዮ ፈረንሳ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ኣተሓሳሰበ።

ፊሊፕ፡ ፕረዚደንት ማክሮን ኣብ ሰነ 2024 ሃገራዊ ባይቶ ንምፍራስ ንዘወሰዶ ውሳኔ'ውን "ኣዕናዊ" ብምባል ገሊጽዎ።

ንሱ ወሲኹ፡ "ማክሮን ካብ ስልጣኑ እንተ ዘወርድ፡ ፈረንሳ ካብ 20 ክሳብ 35 መዓልታት ኣብ ዘይመልእ ግዜ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ከተካይድ ምተገደደት ነይራ" ክብል ገሊጹ።

## ህንዲ - ሓደጋ ምህማም መሬት ጉድኣት ኣውሪዱ

ኣብ ሰሜናዊ ክፍለ ሃገር ሂማቻል ፕራደሽ - ህንዲ ብዘጋጠመ ሓደጋ ምህማም መሬት፡ ክልተ ህጻናት ዝርከብዎም ብኣውቶቡስ ዝጓዓዙ ዝነበሩ 15 ሰባት ከም ዝሞቱ፡ ሰበ መዚ ናይቲ ከባቢ ገሊጾም።

ኣብታ ኣውቶቡስ ብውሑዱ ካብ 20 ክሳብ 25 ተሳፈርቲ ከም ዝነበሩ፡ ሰለስተ ህጻናት ድማ ብሰራሕተኛታት ህይወት ኣድሕን ኣብቲ ከባቢ ናብ ዝርከብ ሆስፒታል ከም ዝተላእኹ፡ እቶም ሰበ መዚ ወሲኾም ሓቢሮም።

ካልኣት በቲ ባህርያዊ ሓደጋ ደሃዮም ዝጠፍኡ ሰባት ስለ ዘለው፡ ስርሒት ህይወት ኣድሕን ገና ይቕጽል ከም ዘሎ ድማ፡ ፖሊስ ናይ'ታ ክፍለ ሃገር ኣፍሊጡ።

ዝሓለፈ ሰኑይ ኣብቲ ከባቢ ከቢድ ዝናብ ብምዝናቡ እቲ ሓደጋ ከም ዝሰዓበ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ብሰንኪ'ቲ ኣብ ደቡብ ኤስያ ብሰፊሑ ዝዘንብ ዘሎ ብርቱዕ ዝናብ፡ ኣብ መላእ ህንዲ፡ ፓኪስታን፡ ባንግላደሽ፡ ቡታን፡ ስሪላንካ፡ ኣፍጋኒስታንን ኔፓልን ሓደጋታት ዕልቕልቕን ምህማም መሬትን ኣኸቲሉ ከም ዘሎ'ዩ ዝሕበር።

ኣብ ዝሓለፈ ኑሓሱ ኣብ ሰሜናዊት ግዝኣት ህንዲ እትርከብ ሓንቲ ቑሸት ብዕልቕልቕ ምሉእ ብምሉእ ከም እተደምሰሰት፡ ኣብታ ጎረቤት ህንዲ ዝኾነት ኔፓል ድማ ኣብ መወዳእታ ናይ ዝሓለፈ ሰሙን ብሰንኪ ሓደጋታት ምህማም መሬትን ዕልቕልቕን ብውሑዱ 44 ሰባት ከም ዝሞቱ ጸብጻባት የመልክቱ።



## ቡርኪናፋሶ፡ ንሰራሕተኛታት ዘይመንግስታውያን ትካላት ረድኤት ኤውሮጳ ትኣስር

ወተሃደራዊ መንግስቲ ቡርኪናፋሶ፡ ኣብ ሃገሩ ንዝርከቡ ኣብ ዘይመንግስታዊ ኤውሮጳዊ ትካል ሰብኣዊ ረድኤት ዝሰርሑ ሸሞንተ ሰራሕተኛታት፡ ብስለያን ክድዓትን ከሲሱ ከም ዝኣሰሮም ገሊጹ።

እቲ ኣብ ከተማ ዘሄግ - ሆላንድ ዝመደበሩ ዘይመንግስታዊ ትካል ግን፡ ነቲ ክሲ ምሉእ ብምሉእ ነጺግዎ'ሎ።

ሚኒስተር ጸጥታ ቡርኪናፋሶ ማሃማዱ ሳና፡ እቶም ዝተኣስሩ ሸሞንተ ሰባት፡ ዝተፈላለየ ዜግነት ኤውሮጳ ከም ዘለዎም ገሊጹ።

እቶም ሰራሕተኛታት ካብቲ ትካል ንሰለስተ ወርሒ ምስ ተኣገዱ፡ ብዘይ ፍቓድ ሓበሬታ ክእክቡ ከም ዝጸንሑ ድማ፡ እቲ ሚኒስተር ኣፍሊጡ።

ንሱ ወሲኹ፡ ነቲ ናይ ሓበሬታ ምትሕልላፍ ብኣካልን ብመንገዲ ኢንተርነትን ከም ዘካየድዎ ኣረዲኡ።

ወተሃደራዊ መንግስቲ ቡርኪናፋሶ ኣብ መስከረም 2022 ብዕልዋ ስልጣን ካብ ዝቖጻጸረ ንደሓር፡ ምስ ምዕራባውያን ሃገራት ብፍላይ ድማ ምስ'ታ ገዛኢት ቡርኪናፋሶ ዝነበረት ፈረንሳ ክተፋሓን እንከሎ፡ ብኣንጻሩ ምስ ሩስያ ድማ ዝያዳ ጥቡቕ ዝምድና መስሪቱ ከም ዘሎ ጸብጻባት የመልክቱ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ኤደን | 09/10/2025 | ከባቢ ዩኒቨርስቲ ጥቃ ባር ሊድያ | 110750 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565